# ኢፕድ ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቁፅሪ 41 16 ነሓሰ 2016 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00




# ኣሸንዳ-ንሰላምን ቱሪዝምን


መሰረት ገብረዮሃንስ


ዜና ትንታነ

ባህላዊ ልምድታትን ፀጋታትን ሓደ ሕብረተሰብ ካብቲ ዘበርክትዎ ቁሳዊን ስነ-ቓለዉን ሃፍቲ ብተወሳኺ ናይቲ ዝውንኖም ሕብረተሰብ መነባብሮ፤ ስነምግባርን መስተጋብርን ብሓፈሻ ድማ ፍልስፍና-ሂወት መመላኸትቲ 'ዮም። ኣሸንዳ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኣብ እዋን ኽራማት ካብ 16-23 ነሓሰ ብባህላዊ ናውቲ ፅባቐ ዝተመላኸዓ ጎራዙን ህፃውንቲ ደቂ ኣንስትዮ ብነፃነት እናደረፉ፣እናጎየላ፣ እናሳዕስዓ፣ እናሞጎሳን ሂስ እናሃባን ዘሕልፍኦ ባህላዊ በዓል 'ዩ። ኣሸንዳ ንደቂ ኣንስትዮ እንታይ እዩ ? ከምኡ ድማ ኣብ ቱሪዝም ዓዲ ዘለዎ ግደ እንታይ ይመስል ?

ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣኽሱም መምህር ቋንቋን ስነፅሑፍን መሰረት ኣለማየሁ ኣሸንዳን ደቂ ኣንስትዮን ዘለዎም ጥምረት እንትገልፃ ፤ ኣሸንዳ ብደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ድማ ደናግል ዝኽበር ናይ ኣደባባይ ባዓል እንትኸውን ካብ ነሓሰ 16 ጀሚሩ ኣብ ከተማ ንስለስተ ማዓልትታት ኣብ ኽባቢ ገጠራት ድማ ንሸውዓተ ማዓልትታት ኣሸንዳ ከምዝኽበር ይዛረባ፡፡ ብነፃነት ደቂ ኣንስትዮ ዝፃወታሉ፤ ማሕበረሰባዊ ሂስ ዝህባሉ፣ ክውገዝ


ኣሸንዳ-ንሰላምን ... ገፅ 6




## ዘላቒ ፍታሕ ዝደለ ሓደጋ ምድርማስ መሬት


በሪሁ ኣረጋን መዓርግ ገ/ሄርን


ትንታነ- ዜና

ንኽረምቲ ሰዒቡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ብዝተፈጠረ ምንቅጥቓጥ፣ ምድርማስ መሬት ከምኡ


ዘላቒ ፍታሕ ... ገፅ 4


# ፅባሕ ብደረጃ ሃገር ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 600 ሚልዮን ፈልሲ ክትከል ‘ዩ

- ኣብ ትግራይ ድማ 503 ሽሕን 23ን ክትከል ‘ዩ


ኣብርሃ ሓጎስ


ኣዲስ ኣበባ፡- ፅባሕ ዓርቢ 17 ነሓሰ 2016 ዓ.ም ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ንዝትከል 600 ሚልዮን ፈልሲ 317 ሽሕን 521 ሄክታርን መሬት ከምዝተዳለወ ተገሊፁ፡፡

ሚኒስትር ሕርሻ ግርማ ኣመንቴ (ዶ/ር)ን ሚኒስትር ግልጋሎት ኮሚኒኬሽን መንግስትን ዲኤታ ሰላማዊት ካሳን ብሓባር መግለፂ ሂቦም።

ኣብ መግለፂኦም ዓርቢ 17 ነሓሰ ዝካየድ መደብ ተኸላ ፈልሲ ዘድሊ ምድላዋት ከምዝተዛዘመ ገሊፆም።

ግርማ ኣመንቴ (ዶ/ር) ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ንዝካየድ ሓምለዋይ ኣሰር መርሃ ግብሪ ኣብ ኩሉ ክልል 8 ሽሕን 452ን ካርታ ዝወፀሎም ቦታታት ተዳልዮም ከምዘለዉ ገሊፆም።

ጠቕላላ ስፍሓት እቶም ዝተዳለዉ ቦታታት 317 ሽሕን 521 ሄክታር መሬት ምኟኖም ብምግላፅ ነቲ ተኸላ ዝውዕሉ ፈልስታት ኣብ ቐረባ ተዳልዮም ከምዝርከቡ ገሊፆም፡፡


ፅባሕ ብደረጃ ሃገር ... ገፅ 6






ገፅ 4 ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ሽዱሽተ ሚኢቲ ሚልዮን ፍልስታት ንምትካል ኩሉ ክረባረብ ይግባእ

ገፅ 5 “ሽፋን ደን ትግራይ ትማሊ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ክንረባረብ ይግባእ” -ኣይተ ተስፋይ ተክለሃይማኖት

# ቁልፊ ሃገራዊ ጉዳያት ዝእከበሉ ከይዲ ምኽክር

**መሰረት ገ/ሃንስ፣ መኣርግ ገ/ሄር**

**ዜና- ትንታነ**

ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ኣብዛ ሃገር ዝተፈጠሩ ዘይምርድዳእ ምፍልላይ ሓሳባት ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ሃገርለኸ መድረኽ ምኽክር ኣብ ቀፃሊ ዓመት ክካየድ ‘ዩ። ብምዕራፍ ዝተኸፋፈሉን ንምኽክር ዘድልዩ ከይድታት ንምስራሕ ስራሕቲ ካብ ዝጀመሩ ልዕሊ ኽልተ ዓመታት ኣቑፂሮም ‘ዮም።

ኣብዞም ኽልተ ዓመታት ውሽጢ ኣብ ከይዲ ምኽክር ተሳተፍቲ ኣብ ናይ ምፅራይ ስራሕ ኣብ ዝተፈላለዩ ኸባብታት ተሰሪሖም ‘ዮም። ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ዝተፈላለዩ ኸባቢታት ከይዲ እቲ ምኽክር ወሳኒ ጉዳይ ዘለዎ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ እናተኻየደ ይርከብ። ኣብ ኣዲስ ኣበባን ጋምቤላን ዝተኻየደ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ኣብ ድሬዳዋን ዝተፈላለዩ ኸባቢታትን ቀፂሉ ‘ዩ።

እዚ ኣጀንዳ ምኽክር ብምንታይ መልክዑ ‘ዩ ዝዳለው? እንታይ ዘካተተ ‘ዩ? ንከይዲ ምኽክር እንታይ እንታይ ግደ ይህልዎ? ኣብ ዝብሉ ሕቶ ዙርያ ነቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ኮምሽነራትን ኣማኸርትን ኣዘራሪብና ሓሳቦም ሂቦምና ኣለዉ።

ኮምሽነር ኮምሽን ምኽክር ሃገር ኣይተ መላኩ ወልደማርያም ከምዝገልፅዎ፣ ከይዲ ሃገራዊ ምኽክር ካብ ዝሓቶም ቁልፊ ተግባራት እቲ ተግባር ኣጀንዳ ምትእኽኻብ ‘ዩ።

እቲ ኮምሽን ዝመሓዳደረሉ ኣዋጅ 1265/2014 ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ 5 መሰረት ካብ መላእ ሃገር ዜጋታት፣ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ማሕበረሰብ፣ መዳርግቲ ኣካላት ሓሳብና ከስምዑልና ‘ዮም ዝብልዎም ተሳተፍቲ ምስ ፈለዩ ብክልላትን ፌደራላትን ብርኪ ስራሕ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ እናተኻየደ ከምዝኾነ የረድእ።

ስለዝኾነ ድማ ከይዲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ሃገራዊ ምርድዳእ ክግበረሎም የድሊ ዝበልዎም ብጣዕሚ መሰረታዊ ጉዳያት ብህዝባዊ ዘተ ዝእከብሉ ወሳኒ ምዕራፍ ‘ዩ ዝበሉ እቶም ኮምሽነር፣ እዚ ድማ ብኢኮኖሚ፣ ማሕበራዊ ከምኡ ‘ውን ካብ ብመንፅር ፀጥታ ዝላዓሉ ሓሳባትን ሕቶታትን ምትእኽኻብ ከምዝረድእ ኣልዒሎም፡፡

ዝእከቡ ኣጀንዳታት ‘ውን ኢትዮጵያውያን ኣብ መንጎኦም ዘሎ ምፍልላይ ሓሳብ ዘይምርድዳእን መልዓሊ ዝኾኑ ምኽንያትን ፍታሕን ዙርያ ብዘተን ዝርርብን ምፍታሕ ዝካኣለሉ ኩነተት ዘመልክት ከምዝኾነ ይገልፁ ፡፡

እቲ ኮምሽን ካብ ዝኽተሎም መርህታት ኣካታትን ኣሳታፍን እቶም ዋና ከምዝኾኑ ድሕሪ ምግላፅ፣ በዚ ድማ ዝተፈላለዩ ክፋል ማሕበረሰብን መዳርግቲ ኣካላትን ንምክታት እናሰርሐ ከምዝኾነ የረድኡ። እዚኦም ተወከልቲ ካብ ወረዳ ጀሚሩ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ፣መናእሰይ፣ ጉድኣት ኣካላት፣ ፅዕንቶ ፈጠርቲ፣ መምህራን፣ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፣ ፓርትታት ፖለቲካ፣ ዝኣመሰሉ ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝተመረፁ ተወከልቲ እንትኾኑ እዚ ድማ ከም ሃገር ዝግበር ምኽክር ውፅኢታዊ ንክኾን ዘኽእል ‘ዩ ይብሉ።

በቢዘፈሩ ኢሉ ‘ውን ኣብ ክልሎም ዘጋጠሞም መሰረታዊ



ፍታሕ ዝደለዩ ከምኡ ‘ውን ብሃገር ብርኪ ዝረኣዩ መሰረታዊ ፀገማት ነፃን ገለልተኛን ብዝኾነ መልክዑ ናይ ምፍላይ ስራሕ ዝሰረሐሉ ከይዲ ብምኳኑ ኣሳታፍነቱ ምርግጋፅ ወሳኒ ከምዝኾነ ይገልፁ።

እቶም ኮምሽነር ከምዝገልፅዎ፣ ኣብ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ኹሉ ኣሳታፊ ምግባሩ በቢ ዘፈሩ ዝላዓሉ ሕቶታትን ኣጀንዳታትን ንምስታፍ ናይ ሓባር ሃገራዊ ፍታሕ ንምሃብ ዘኽእል ‘ዩ። ምትእኽኻብ ኣጀንዳታት ንሃገራዊ ምኽክር ቀሪቦም ሰላምን ድሕንነትን ዝተሓለወ ሃገር ንምህናፅ ዘኽእሉ ሕቶታት ሓሳባት ዝፍለይሉ ወሳኒ ምዕራፍ እቲ ምኽክር ‘ዩ።

ኣብ ቀፃሊ እቲ ኮምሽን በዝቐረቡ ኣጀንዳታት ውሽጢ መሰረታዊ ዝኾኑ ሃገራዊ ጉዳያት ብምፍላይ ንቤት ምኽሪ ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ዝቐርብ ከምዝኾነ ኣረዲኦም።

ኣብ መወዳታ ጉባኤ ሃገራዊ ምኽክር ይፅዋዕ። በዚ ድማ ቑፅሮም ልዕሊ 2ሽሕ 500 ዝኾኑ ሰባት ክሳተፍሉ ‘ዮም ተባሂሎም ትፅቢት ዝግበረሉ እንትኾን፣ ኣብቲ ጉባኤ ከይዲ ምኽክር ነቲ ጉዳይ ፍታሕ ዝኾን ሓሳብ ከቕርቡ ‘ዮም ክብሉ ነቲ ከይዲ የብርሁ፡፡

ኮሚሽን ኮሚሽነር ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ኣምባዬ ኦጋቶ (ዶ/ር) ብግዲኦም፣ ቅዋም ናይቲ ኮሚሽን ኩሉ ኢትዮጵያዊ ንፀገማት ኢትዮጵያ መፍትሒ ይኸውን ዝብል ‘ዩ ይብሉ።

ልሂቃን እቲ ኮሙሽን፣ ደቒ ኣንስትዮ፣ ኣካል ጉድኣት፣ ሲቪክ ማሕበራት፣ መንግስቲ፣ ሚድያታት፣ ፖለቲካዊ ፓርቲታት፣ ሓረስታይን ዲያስፖራን ከምኡ ‘ውን ካልኦት ንኢትዮጵያ ዝጠቕም ሓሳብ ኣለኒ ዝብል ክፋል ሕብረተሰብ ብማዕረ ብምኽታትን ብምስታፍን ናይ ኢትዮጵያ ፀገማት ብኢትዮጵያውያን ንምፍታሕ እናሰርሐ ከምዝኾነ ይሕብሩ።

ኢትዮጵያያ ሕዚ ዘለትሉ ፀገም ከትወፅእ እትኽእል ኩሉ ኢትዮጵያዊ ኣካል መፍትሒ እንትኸውን ብምኳኑ፣ ንኢትዮጵያውያ ንምንፃህ፣ ንምስጋርን ናይ ፅባሕ ኢትዮጵያ ንምህናፅን ኣብዝግበር ፃዕሪ ተሳተፍቲ ክኾኑ ከምዝግባእ ይዛረቡ።

ከም ገለፃ እቶም ኮሙሽነር፣ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ዘለዎ ሓቂ፣ ጥበብ፣ ፍልጥትን ክእለትን ብምእካብ ጠንካራ ሃገርን ማሕበረሰብን ምህናፅ ይኽእል ‘ዩ። ብምኳኑ ኣነ ጉዳይ ኢትዮጵያ ይምልከተኒ ‘ዩ፣ በዓል ዋና እየ፣ ኢሉ ዝኣምን ኢትዮጵያዊ ኣብቲ ምኽክክር ክሳተፍ እናተሰርሐ ‘ዩ።

ኣሳታፊነት ናይቲ ምኽክር ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያ ይምልከተኩም ‘ዩ፣ በዓል ዋና ኢኹም ንምባል እምበር ምስ ኮታ ዝተተሓዘ ከምዘይኮነ ብምግላፅ፣ በቲ ኣዋጅ ኣካተትቲ ኢኹም ዝብል ናይ ሕጊ መበገሲ ስለዘሎ ኢትዮጵያዊ ዝኾነ ኩሉ ኣብ ከይዲ እቲ ምኽክር እንተይተገለለ ይሳተፍ፣ እዚ ናይ ሕጊ መበገሲ ብምጥቓም ኣብታ ሃገር ኣብ ዝተፈላላዩ ከባቢታት ዝርከቡ ዕጡቓት ኣብቲ ምኽክር ክሳተፉ ፃውዒት እናቕረብና ኢና ክብሉ ይገልፁ።

ዕጡቓት ሓሳቦም ንምኽክር ከቕርቡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት እናተሰርሐ ከምዝኾነ ብምግላፅ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ናይ ሓሳብ ፍልልያት ናብ ጠረጴዛ እንትመፁ ናይ ሓደ ሓሳብ ነቲ ናይ ካሊእ ሓሳብ ስግኣትን ፅልእን ከምዘይኮነ ይግንዘቡ፣ ኢትዮጵያ ብዝሃነት ዘለዋ ሰፋሕ ሃገር ‘ያ፣ ኣብ ከይዲ ሃገራዊ ምኽክር ሓደ ክፋል ሕብረተሰብ ናይ ካሊእ ጥበብ፣ ፍልጠት፣ ክእለትን ሓሳብን ናይ ምድማፅ ዕድል ምርካቡን ናይ ካሊእ ፀገም እናፈለጠ ምኻዱ ጠንካራ ሃገር ምህናፅ ከምዘኽእል የርድኡ።

ኮምሽን ምኽክር ሃገራዊ ኢትዮጵያ ኣባል ኮሚቴ ኣማኻሪ ዝኾኑ ፕሮፌሰር ኣድማሱ ገበየሁ ብወገኖም፣ ነቲ ምኽክር ዝእከቡ ኣጀንዳታት ብክልልን ሃገርለኸን ዘለዉ ፍታሕን ከምኡ ‘ውን ናብ ሰላም ንምእታው ከም ሃገር እንታይ ትፅቢት ይግበር ዝብል ወሰንቲ ጉዳያት ሕቶታት ዝወፅሉ ‘ዩ ይብሉ።

ኣብ ሃገራዊ ምኽክር ቐሪቦም ዘተ ክግበረሎም ይግባእ ዝብሉ መሰረታዊ ፀገማትን ሓሳባት ብምፍላይ ክወፁ ይግበር፣ ካብዚ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ንዝሓለፉ ዓመታት ምፍታሕ ዘይኸኣሉ ኣጀንዳታት ምስተፈለዩ ናይ ቐዳምነት ቐዳምነት ዝዋቦም ዝፍለዩ ‘ዩ ዝኾን። ከይዲ ምትእኽኻብ ኣጀንደ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ዘሉ ኣካላት ሓዊሱ ኹሎም በቢዘፈሮም ኣጀንደኦም ምትእኽኻብ ኩለመዳያዊ ነገራት ንምሓዝ ዘኽእል ‘ዩ።

ከም ሓደ ሃገር ዜጋታት ዝተቐራረበ ኣተሓሳስባ ክንሕዘሎም ዝግብኡ ሓሳባት ጉዳያት ምሽርሻር ስዒቡ ከይተፈትሑ ዝፀንሑ ወይ ድማ ሓደሽቲ ዝተፈጠሩ ፀገማት ኣለዉ። በዚ ‘ውን ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ ኸባቢታት ጎንፅታትን ምምዝባልን ዘስዐበ እንትኾን ዘሎ ዘተሓሳስብ ኩናታት ናብ ምኽክር ንክትኣቱ ዘገድድ ‘ዩ ይብሉ።

ኣብ መንጎ ምኽክር ዘሎ ምፍልላይ ዘስማዕምዕ ሓሳብ ንክህልወና ናይ ምግባር ዓላማ ዘለዎ ‘ዩ። በዚ ድማ ዘሎ ዘይምርድዳእ ጠጠው ካብ ምባል ብዝሓለፈ ናብ ቅኑዕ መስመር ብምቕያር በበዘፈሩ ዝሓሸ ሓድሽ ናይ ዲሞክራሲ ባህሊ ምፍጣር ዘኽእል ‘ዩ ክብሉ ፕሮፌሰር ኣድማሱ የመልክቱ፡፡

ብምኳኑ ካብ ክፋላት ማሕበረሰብ ዝተመረፁ ተወከልቲ መዳርግቲ ኣካላት ከይዲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ዘለዎ ረብሓ ብምርዳእ ቁልፊ ዝኾኑ ኣጀንዳታት ምትእኽኻብ ንቑሕ ተሳትፎ ክገብሩ ከምዘለዎም ይገልፁ። እቶም ኮምሽነርን ኣማኻሪን ከምዝተዛረብዎ፣ ከይዲ እቲ ምኽክር ወሳኒ ምዕራፍ ዝኾነ ኣጀንዳ ምትእኽኻብ ኣሳታፊ፣ ግልፅን ፍታሕ ዘምፅእን ከይዲ ከምዘሎ ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ።



## ኢትዮጵያ ብሕጋውን ሰላማውን መገዲ በሪ ባሕሪ ንምርካብ ትገብሮ ፃዕሪ ኣጠናኺራ ክትቕፅል ”ያ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ:- ኢትዮጵያ ብሕጋውን ሰላማውን መገዲ በሪ ባሕሪ ንምርካብ እናገበረቶ ትርከብ ዲፕሎማሲያዊ ፃዕሪ ኣጠናኺራ ከምትቕፅል ሚኒስቴር ጉዳይ ወፃኢ ኣፍሊጡ።

እዚ ዝተገለፀ ወሃቢ ቓል ሚኒስቴር ጉዳይ ወፃኢ ፌዴሪኢ ኣምባሳደር ነብዩ ተድላ ኣብ እዋናዊ፣ ዞባውን ዓለም ለኻውን ጉዳያት ዙርያ ኣብዝሓለፈ ሰሙን ንጋዜጠኛታት መግለፂ ኣብዝሃብሉ ‘ዩ፡፡

እቶም ወሃቢ ቓል ኣብ መግለፂኦም፣ ኢትዮጵያ ብሕጋውን ሰላማውን መገዲ በሪ ባሕሪ ንምርካብ እናገበረቶ ትርከብ ዲፕሎማሲያዊ ፃዕሪ ኣጠናኺራ ክትቕፅል ‘ያ። በዚ ‘ውን ኣብ ቱርክ ኣንካራ ብኢትዮጵያን ሶማሊያን ዝተገበረ ኻልኣይ ዙር ኽልቲኣዊ ድርድር ተስፋ ዝህብ ‘ዩ። ከምኡ ‘ውን በቲ ድርድር ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ከምዘድልያ ዓለም ለኽ ማሕበረሰብ ዝተረድኣሉ ‘ዩ ኢሎም።

ሚኒስትር ጉዳይ ወፃኢ ኣምባሳደር ታዬ ኣፅቀስላሴን ልኡኾምን ኣብ ኣንካራ ኣብቲ ኽልቲኣዊ ድርድር ተሳትፎ ገይሮም እቲ ትኽክለኛ ድልየት ኢትዮጵያ ግልፂ ብዝኾነ መልክዑ ከምዘረድኡ ዝገለፁ እቶም ወሃቢ ቓል፣ ኣብ መንጎ ኽልቲኣን ሃገራት ዘሎ ኣፈላላይ ብሰላማዊ መገዲ ንኽፍታሕ ኢትዮጵያ ፅኑዕ ድልየት ከምዘለዋ ምግላፆም ተዛሪቦም።

ኣብ ቐፃሊ ‘ውን ኣብቲ ሳልሳይ ዙር ድርድር ኢትዮጵያ ንምስታፍ ፍቓደኛን ድሉውትን ምዃና ሓቢሮም፣ መንግስቲ ቱርክ ኣብ መንጎ እተን ሃገራት ንዘሎ ኣፈላላይ ንምፍታሕ መድረኽ ድርድር ብምምችቻው ንዝገበሮ ፃዕሪ እቶም ወሃቢ ቓል ምስጋና ኣቕሪቦም።

ኣምባሳደር ነብዩ ኣተሓሒዞም ‘ውን ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ብዝምልከት ጎንፂ ንኽፍጠር ኣይትደልን፣ ስለዚ ‘ውን ጎንፅታት ንምውጋድ ‘ውን ፃዕሪ እናገበረት ምዃና ተዛሪቦም።

ብኻልእ ወገን እቶም ወሃቢ ቓል ኣብ ሶማሊያ ድሕሪ ልእኽቶ ምፅቃብ ስግግር ሰላም ሕብረት ኣፍሪካ (ኣትሚስ) ዝግበር ምውፋር ሓይሊ ኣብቲ ዞባ ሓዱሽ ወጥሪ ብምፍጣር ኣብ ሰላምን ምርግጋእን ሓደጋ ክፈጥር ብዘይኽእል መልክዑ ብጥንቃቐ ክዋቐር ከምዝግባእ ኢትዮጵያ ከምትኣምን ሓቢሮም።

ኢትዮጵያ ኣብ ሶማሊያ ውሽጢ ወታደር ከምዘዋፅአት፣ ከም ጎረቤት ከምኡ ‘ውን ብፅሒት ፀጥታን ድሕንነትን ከምዘለዋ ሃገር ነቲ ጉዳይ ብቐረባ እናተኸታተለት ከምትርከብ ዘብርሁ ኣይተ ነብዩ፣ ኢትዮጵያ ኣብ ብሄራዊ ረብሕኣን ድሕንነታን ሓደጋ ዘንፀላልው ጉዳይ እንተተስተውዒሉ ምሉእ ብምሉእ ዓርሳ ናይ ምክልኻል መሰላ ከምተረጋግፅ ሓቢሮም።

ኣምባሳደር ነብዩ፣ ኣብ ቀረባ ኣብ ሊባኖስ ብዘሎ ኹነታት ኢትዮጵያውያን ካብ ሊባኖስ ተፃዲፎም ንኸወፁ ዝገብር ህልው ሃዋህው ከምዘየለን መንግስቲ እታ ሃገር ‘ውን እንተኾነ መንግስታት ወፃኢ ሃገር ዜጋታቶም ንኸውፅኡ ከምዘይሓተተ ብምልዓል፣ ዜጋታት ተረጋጊኦም ናብርኦም ክነብሩ ከምዝግባእ ተዛሪቦም።

ኣብ ሊባኖስ ልዕሊ 150 ሽሕ ኢትዮጵያውያን ዝነብሩ እንትኸውን ፀገማት ተጋዲዶም ዝቕፅሉ እንተኾይኖም ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምውዳድ ነቶም ዜጋታት ናብ ሃገሮም ንምምላስ ዘኽእል ምድላው ከምዝተገበረ እቶም ኣምባሳደር ገሊፆም።

# ረብሓ ህዝቢ ትግራይ እንታይ‘ዩ?

**መኣርግ ገ/ሄር**

**ትንታነ-ዜና**

ኣብዚ ቕነ ኣብ ትግራይ ኣብ መንጎ ኣመራርሓ ህወሓት ዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ዛዕባ ህዝቢ ትግራይን ሃገርናን ኮይኑ ኣሎ። ኮይኑ ግና ኣብዚ ሐዚ እዋን ንህዝቢ ትግራይ ዝጠቅም እንታይ’ዩ?

ፖለቲከኛ (ነበር ምኽትል ኣቦ ወንበር ትግራይ ዴሞክራስያዊ ፓርቲ (ትዴፓ) ኣይተ መስፍን ደሳለኝ ምስ እዚ ተተሓሒዙ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዚዝስዕብ ይብሉ፣ ህዝቢ ትግራይ ተደጋጋሚ ኩናት እናጋጠሞ መፂኡ ‘ዩ። ብሰንኪ እቲ ኩናት ድማ ልዑል ጉድኣት ኣጋጢምዎ ‘ዩ። ብሚልዮን ዝኣክል ህዝቢ ሂወት ናይ ምጥፋእን ኣካል ናይ ምጉዳልን ገጢምዎ ‘ዩ፣ ኢሉ ‘ውን ከቢድ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ፀገማት በፂሕዎ ‘ዩ። ህዝቢ ትግራይ ሕዚ ዘድልዮ ሰላምን ልምዓትን ‘ምበር ኣብ ሞንጎ ፖለቲከኛታት ብዝተፈጠረ ፀገም ክጉዳእ የብሉን።

ከም ገለፃ ፖለቲከኛ ኣይተ መስፍን፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ብምኽንያት ዝተፈጥረ ፖለቲካዊ ውጥጥ ህዝቢ ትግራይ ብዝበኣሰ ከይጉዳእ ጥንቃቀ ክገብር ኣለዎ፣ ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ እቲ ኣጋጢምዎ ዝነበረ ኩናት ኣዝዩ ተጎዲኡ ፀኒሑ ‘ዩ፣ ደጊሙ ናብ ኩናት ክኣቱ የብሉን፣ እቶም ፖለቲከኛታት ህዝቢ ንምክሓስ ‘ዮም ክሰርሑ ዘለዎም ‘ምበር ንናይ ባዓሎም ውልቓ ስልጣንን ረብሓን ክብሉ ንህዝቢ ብዝጎድእ መንገዲ ምንቕስቓስ ጠጠው ክብሉ ኣለዎም።

ህወሓት ኢ-ዲሞክራስያሚ ፓርቲ ከኾን የብሉን፣ ኣፈላላዩ እናፅበበ ህዝቢ ንምክሓስ ክሰርሕ ኣለዎ ‘ምበር ንውልቓ ረብሓን ስልጣኑን ክብል ንህዝቢ ዝጎድእ ኣካይዳ ክኽተል የብሉን። ንሓምሳ ዓመታት ሓንቲ ኣይዶሎጂ ሒዝካ ምጉዓዝ ነቲ ፓርቲ ይኹን ንህዝቢ ኣይጠቀመን፣ ምስ ወድዓዊ ኩነታት ብምቕይያር ረብሓ ህዝቢ ዕላማ ገይሩ ክጎዓዝ ኣለዎ ‘ምበር ኩሉ ግዜ ንናይ በዓሉ ስልጣን ረብሓን ጥራሕ ክጓየ የብሉን።

ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ንህዝቢ ብተደጋጋሚ ኣብ ሓደጋ ኣእትይዎ ‘ዩ። ከይዱ ከይዱ ነቲ ውድብ ውን ናብ ሓደጋ ‘ዩ ዘእትዎ ዘሎ። ካብ ሕሉፍ ኩነታት ክመሃር ኣለዎ። ናይ ህዝቢ መከራን ስቓይን ዘጭንቖ ክኸውን ይግባእ። ኮይኑ ግና ብዛዕባ ህላወ እቲ ፓርቲ እምበር ብዛዕባ ህላወ ህዝቢ ክጭነቕ ኣይትሪኦን። ነዚ ‘ውን ‘ዩ ህዝቢ ተደጋጋሚ ፀገም ዘጋጥሞ ዘሎ።

ህወሓት ህዝቢ መማረፂ ፓርቲ ከይረከብ ካብኡ ወፃኢ ዘለዉ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ምጥቓዕን ምግላልን ስርሑ ገይሩ ኣብ ስልጣን ንነዊሕ ግዜ ክፀንሕ ክኢሉ ‘ዩ። ከምዝፍለጥ ቕድሚ ሕዚ ጀሚሩ እናካየዶም ዝመፀ ጉባኤታትን ኣኼባታትን እቲ ቀንዲ ዕላምኡ ካብ ስልጣን ንዘይምልቓቕ እምበር ንህዝቢ ሓሲቡ ኣይኮነን። በዓሉ እቲ ፓርቲ ‘ውን ከምዝበስበሰ ኣብተፈላላዩ እዋናት የልዕሎ ‘ዩ። ብተኸታታሊ ከባቢ ሓምሳ መዓልታት ዝወሰደ ኣኼባ እንትገብር ብዛዕባ ፀገም ህዝቢ ኣይኮነን ዝለዓል ነይሩ። እቲ ሕዚ ዘካየዶ ጉባኤ ‘ውን ተማሳሳሊ ‘ዩ ክብሉ የርድኡ።

ብዋናነት ጥቕሚ ህዝቢ ብዘየግድስ ተሳጣጢምካን ኣብቲ ስልጣን ከመይ ጌርካ ትፀንሕ፣ ካባኻ ወፃኢ ሓሳብ ዘለዎ ኣካል ወይ ዝሓሸ ሓሳብ ዘለዎ ኣካል ከመይ ገይርካ ተግልሎ ወይ ተዳኽሞ፣ ብኡ ልክዕ ኸዓ ካብ ዝፈፀምካዮም ጥፍኣታት ካብ ተሓታትነት ከመይ ገይርካ ተምልጥ ዝብል መስመር ሒዙ ‘ዩ እናተጓዓዘ መፂኡ።

ከም ገለፃ ኣይተ መስፍን፣ እቲ ሕዚ ኣብ መንጎኦም ተወሰነ ዘይምስምዕማዕ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታት ብዙሕ ናይ ኣድዮሎጂ ፍልልይ ሃልይዎም እንተይኮነስ ናይ ጥቕሚ ጉዳይ ‘ዩ፣ ከምቲ ልዕል ኢለ ዝገለፅክዎ ህወሓት ጉባኤ ወይ ኣኼባ ዘካይድ ዝተፈለየ ሓሳብ ዘለዎ ሰብ ንምውቃዕ እምበር ንህዝቢ ብምሕሳብ ኣይኮነን። እቲ ቐንዲ ዕላምኡ ፓርቲ ከመይ ገይርካ ክተድሕን ኣለካ ብዝብል እምበር ንህዝቢ ንምድሓን ኣይኮነን።

ህወሓት ኣብዚ ሰሙን ዘካየዶ ጉባኤ ካብ ኣፍልጦን ፍቓድን ቦርዲ መረፃ ሃገር ወፃኢ ‘ዩ። ቦርድ መረፃ ተዘይተቐቢልዎን ኣፍልጦ ተዘይሂብዎን ድማ ትርጉም የብሉን። እቲ ጉባኤ ትኽክልን ዘይትኽክልን ምዃኑ ቦርድ መረፃ ክዕዘቦ ኣለዎ፣ ሕጋዊ መስርሕ ዘይተኸተለ ጉባኤ ትርጉም የብሉን፣ እቲ ፓርቲ ካብከምዚ ዓይነት ግትርነት ክወፅእ ኣለዎ። እቲ ዘካየዶ ጉባኤ ንህዝቢ ዝጎድእ ‘ምበር ኣይጠቕምን ክብሉ የርድኡ።

ጉባኤ ብምግባር ሕጋዊ ‘የ ክብል ኣይኽእልን። እዚ ናብ ካሊእ ፀገም ከይወስድ ምጥንቓቕ የድሊ። ብዓልኻ ሕጋዊ እየ ከትብል ኣይትኽእልን፣ እዚ ዝኸዶ ዘሎ ካብ ህልኽ ዝተቐድሐ እምበር ካብ ፍልጠትን ቕንዕናን ዝተቐድሐ ኣይኮነን። ኩሉ ግዜ ብመንፅር ረብሓ ህዝቢ እምበር ረብሓ ፓርቲ ክጎዓዝ የብሉን ክብሉ ይመኽሩ።

ኮይኑ ግና እቲ ዝኸዶ ዘሎ ክያዶ ኩናት ከልዕል ‘ዩ ዝብል እምነት የብለይን፣ ምኽንያቱ እቲ ህዝቢ ሕዚ ብዝተወሰነ መልክዑ እቲ ኩነታት ተረዲኦዎ ኣሎ ‘ዩ። ኣብ ልዕሊ ህወሓት ዝቓወመሉ ኩነታት ተፈጢሩ ስለ ዘሎ ተመሊሱ ንህወሓት ከድሕን ናብ ኩናት ዝኣትወሉ መንገዲ ኣይህሉን። ብፍላይ ድማ ሕዚ ኩናት ዝሸከም እንግዳዕ የብሉን። በቲ ዝነበረ ኩናት ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊን ኢኮኖሚካልን ጉድኣት ዝበፅሖ ህዝቢ ‘ዩ ይብሉ ፖለቲከኛ ኣይተ መስፍን።

ውድብ ህወሓት ኣብ ክልተ ተመቒሉ ዘሎ ንህዝቢ ብዝጠቕም ሓሳብ ዝተፈጠረ እንተይኮነስ ብስልጣን፣ ጥቕማ ጥቕምን ግዕዝይና ዝፈፀሙ ኣካላት ካብ ተሓታትነት ንምምላጥን ‘ዩ። መዓት መኣድናት ወርቂ ተዘሪፉ ‘ዩ። ዝዘረፈ ናብ ሕጊ ‘ዩ ዝኸይድ እምበር ናብ ጉባኤ ኣይኮነን። ኣብቲ ጉባኤ ዝተሳተፉ ኣካላት ካብ ገበን ናፃ ምዃኖም ዘይምዃኖም ኣይተፈልጠን ክብሉ የብርሁ።

በስቢስና እናበልካ ሕዚ ‘ውን በዚ መንገዲ እዚ ምጉዓዝ ጌጋ ‘ዩ ዝበሉ ኣይተ መስፍን፣ ዝበስበሰ ናብ ሕጊ ክቐርብ ኣለዎ እምበር ናብ ጉባኤ ኣይኮነን። በስቢስና እናበሉ ናብ ሕጊ እንትቐርቡ ኣይረኣዩን። በስቢስና ኢና ከንሕደስ ኢና ይብሉ ኮይኑ ግና እናገደዶም ‘ዩ ዝኸይድ ዘሎ እምበር ካብ ጌግኦም ክመሃሩ ኣይረኣዩን። በስቢሶም እናሃለዉ ክቕፅሉ ኢኻ ትርኢ እምበር ናብ ሕጊ ክቐርቡ ወይ ክስተኻኸሉ ኣይትርኢን ኢኻ።

ትጋገዩ ኣለኹም ኢሉ ዝነቐፈን ብሓሳብ ዝሞገተን ከም ፀላኢ ይሪእዎ፣ ከምዚ ክኸውን እንተሎ ድማ ኣኼባ ወይ ጉባኤ ብምግባር ነቲ ብሓሳብ ዘይተመቸዎም ኮነ ኢሎም ብዘይኮነ የባርርዎ ወይ ሽሙ የፅልምዎ። እቲ ጉባኤ ነዚ ‘ዮም ዝጥቕምሉ እምበር ካብ ምብስባስ ንምድሓን ወይ ንህዝቢ ሓሲቦም ንምኽሓስ ኣይኮኑን። ካብ ጌግኦም ንምስትኽኻል ኣይኮነን። ኮይኑ ግና እዚ ነዊሕ ርሕቕት ዘጓዓዞም ከምዘይኮነን ህዝቢ ብተወሰነ ደረጃ እናነቕሐሎም ከምዝኾነን ይዛረቡ።

ኣብ ክልቲኦም ዘሎ ጎንፂ ብሰላማዊ መንገዲ ክፈትሕዎ ዘይኽእሉ እንትኾይኖም ኣብ ማሕበረሰብ ይኹን ኣብ ሓደ ሓደ ትካላት ጉድኣት ክብፅሕ ከምዝኽእል ብምግላፅ፣ ውጥጦም ብሰላማዊ መንገዲ ብምፍታሕ ህዝቢ ንምኽሓስ ጥራሕ ክሰርሑ ኣለዎም ክብሉ ይመኽሩ።

ቕድሚ ሕዚ ብዝተፈጠረ ፀገም ህዝቢ ተጎዲኡ ‘ዩ ሕዚ ‘ውን ከይጉዳእ ጥንቓቐ ክገብሩ ኣለዎም። ክሳብ ሕዚ ንህዝቢ ብዙሕ በዲሎም ‘ዮም ካብ ሕዚ ካብ ፀገም ፀርዮም ህዝቢ ንምክሓስ ‘ዮም ክሰርሑ ዘለዎም። ንዕኦም ዝጠቕሞም ‘ውን ኣካይደኦም እንተቐየሩ ‘ዩ፣ ህዝቢ እንትጥቀም ‘ዩ ውድብ ዝጥቕም። ስለዚ ዝኸድዎ ዘለዉ ኣካይዳ ንህዝቢ ይኹን ነቲ ውድብን ዝጎድእ ብምኳኑ ካብ ጌገኦም ተኣሪሞም ንህዝቢ ክኽሕሱ ይግባእ ክብሉ ይዛረቡ ፖለቲከኛ ኣይተ መስፍን።

እቲ ዝተኻየደ ጉባኤ ስርዓትን ሕገደንብን ቦርዲ መረፃ ዝተኸተለ ስለዘይኮነ ተቐባልነት የብሉን ክብል ቦርድ መረፃ ኢትያጵያ ምፍላጡ ዝዝከር ‘ዩ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## መደብ ሓምላይ ዓሻራ ንምዕዋት ኩሉ ብሓደ መንፈስ ይሰዓል

ኢትዮጵያ ብፍላይ ካብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ጀሚራ ብተኸታታሊ ጠንካራ ትልሚ ብምትላም ብመርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ብቢሊዮን ዝቑፀር ፈልስታት እናተኸለትን ሽቶታታ እናሳኸዐት መፂኣ 'ያ። ሎሚ ዓመት 'ውን ንሻድሻይ ዓመት በቢምዕራፉ ከፋፊላ ነቲ ዝተተለመ ፕሮግራም ንምዕዋት ዝለዓለ ፃዕርታት እናካየደት መፂኣ ኣላ።

ኣብ 2016 ዓ.ም ብመሰረት ፕሮግራም ሓምለዋይ ዓሻራ 6 ነጥቢ 5 ቢልዮን ፈልሲ ንምትካል ብዝተገብረ ምድላው ልዕሊ 7 ቢልዮን ፈልሲ ተዳልዩ እናተተኸለ መፂኡ 'ዩ። ካብዚኦም ገሊኦም ንምግብነት ዝውዕሉ እንትኾኑ ገሊኦም ድማ ከባቢ ንምሕዋይ፣ ንምክልኻል ፍግረ መሬትን ወዘተ ዝውዕሉ 'ዮም።

ምትካል ፈልሲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ምምንማን ሃፍቲ ተፈጥሮን ለውጢ ነባሪ ኣየርን ዘስዕቦ ዘሎ ፀገም ንምምካት ወሳኒ ጉዳይ 'ዩ። ሃፍቲ ተፈጥሮ ናብ ንቡር ክምለስ፣ለውጢ ኣየር ንምክልኻል፣ ምህርትን ኣፍራያይነትን ሕርሻ ክዓብይ፣ ዘላቒ ሓምለዋይ ቁጠባ ንምርግጋፅ ተኸሊ ምትካል ንፅባሕ ዘይበሃል ጉዳይ 'ዩ።

ደን ንጥዕና ወዲሰብን ካልኦት ህይወታውያንን ብሓፈሻ ንድሕንነት ምድሪ ኣዝዩ ኣገዳሲ 'ዩ። ንወዲሰብ ኦክስጅን ይህብ፤ ነባሪ ኣየር ብምቑፅፃር ፅዕንቶ ለውጢ ነባሪ ኣየር ብምምካት ጥዑይ ነባሪ ኣየር ክህሉ ይገብር። ደን ብሚልዮናት ዝቑፀሩ ፍጥረታት መንበሪ ስለዝኾነ እውን ዘለዉና ደናት ብምሕላው ካልኦት ተወሰኽቲ ብምትካል ሽፋን ደን ከንውስኽ ይግባእ።

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ስራሕቲ ምትካል ፈልሲ ብትልምን ብዝተዋደደን መንገዲ ምህርትን መፍረያይነትን ዘፈር ሕርሻ ንምዕባይን ሓደጋታት ለውጢ ክሊማ ንምክልኻል ሓምለዋይ ሽፋን ንምዕባይን ብዕውትነት እናተሰርሐ መፂኦም 'ዮም።

ፅባሕ 17ነሓሰ 2016 ዓ.ም ብሃገርለኸ «ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 600 ሚልዮን ፈልሲ ብምትካል ዓሻራና ነንብር» ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብዝግበር ወፍሪ ምትካል ፈልሲ ኩሉ ዓሻርኡ ከቕምጥ ኣለዎ። እታ መዓልቲ እውን ኩሉ ዓሻኡ ዘቕምጠላ መዓልቲ 'ያ። ኣብ ትግራይ እውን ኣብ ልዕሊ 500ሺሕ ፈልስታት ንምትካል ትልሚ ተዳሒዙ ኣሎ።

ኩሉ ንምትካል ዓቕሚ ዘሎዎ ኣናእሽተ፣ ዓበይትን መናእሰይን ብሓደ ወፂኡ ፈልሲ ብምትካል ንሃገር ዘለዎ ሓልዮትን ፍቕርን ዝገልፀላን ንቐፃሊ ወለዶ ሓምለዋይ ውህብቶ ዘቕምጠላን 'ያ። ስለዚ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ሽዱሽተ ሚኢቲ ሚልዮን ፍልስታት ንምትካል ኩሉ ብሓደ መንፈስ እንተተላዒሉ ንምዕዋቱ ቐሊል 'ዩ። መደብ ምትካል ፈልሲ ሓምለዋይ ኣሰር ዕውት ክኸውን ኩልና ፈልሲ ብምትካል ኣሰርና ክነቕምጥ ሞራላዊን ሃገራዊን ግዴታ ኣለና።

ኣዚ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝግበር ምትካል ፈልሲ ነቲ መደብ ንምዕዋት ኩሉ ብሓደ መንፈስ ክወፍርን ብሓደ መንፈስ ወፊሩ ንወለዶ ታሪኽ ክገድፍን ይግባእ። ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 600ሚልዮን ፈልሲ ንምትካል ኣብዝካየድ ፕሮግራም ኩሉ ኢትዮጵያዊ ብሓደ መንፈስ እንተተላዒሉ ካብዚ ንለዓሊ ምትካል 'ውን ይከኣል 'ዩ።

ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ነዚ ፕሮግራም ብዝምልከት ኣብሓንቲ ፀሓይ 600 ሚልዮን ፈልስታት ብምትካል ዓሻራና ነቕምጥ ክብሉ መልእኽቶም ምምሕልላፎም ዝዝከር ዩ።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ መልእኽቶም፤ መላእ ኢትዮጵያውያን ብሓደ መንፈስ ዓሻራና ነንብር፤ ሓደ እንተኾይና ካብዚ ንላዕሊ ከንተክል ንኽእል ኢና፤ እዚ ንክኸውን ድማ መንእሰይ፣ ዓቢይ፣ ልዕሊ 20፣ ልዕሊ 10 ዓመት ዝኾነ ኩሉ ተኽሊ ብምትካል ንሃገሩ ዘለዎ ፍቕሪ፣ ንወለዶ ከውርሶ ዝግባእ ኣብቲ ግቡእ ቦታ ተረኺቡ ብተግባር ክገልፅ ኣለዎ ብምባል ንመላእ ኢትዮጵያውያን ኣታሓሳሲቦም 'ዮም። ስለዚ ነቲ ዝተሓዘ መደብ ንምዕዋትን ነቲ ዝቐረበ ፃውዒት መልሲ ንምሃብን ታሪኽ ንምስራሕን ኩሉ ኢትዮጵያዊ ክሳተፍ ይግባእ።


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፦ epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን።

## ኣሸንዳ ንሰላምን ዕቤት ቱሪዝምን

ኣብርሃ ሓጎስ

ሃገርና ብታሪኻዊ፣ ሃይማኖታውን ባህላውን ፀጋታት ሃፍታም ከምዝኾነት ዝፍለጥ 'ዩ። ብፍላይ ከም ኣሸንዳ፣ መስቀል፣ጥምቀት ዝኣምሰሉ ኣብ ኣዳባባይ ዝኽበሩ ሃይማኖታዊ፣ ባህላውን ህዝባዊን በዓላት ፍቅሪ፣ ሰላም፣ ሓድነትን ምትሕብባርን ንህዝብን ሃገርን ብዙሕ ረብሓ ዝህቡ ፍፃመታት ዝኽወነሎም 'ዮም። ብፍላይ ኣብቲ ከባቢ ዝተረጋገዐ ሰላም ምስ ዝህልው በዓል ካብ ምኽባር ብዝሓለፈ እቲ በዓል ፍልፍል ቱሪዝም በሙዃን ነቲ ህዝብን ዓድን ብኣወንታዊ ገፅ ንዓለም ካብ ምፍላጥ ብተወሳኺ ፍልፍል ኢኮኖሚዊ ረብሓ ብሙዃን ንማሕበረሰብ ይኹን ነታ ሃገር ተጠቃሚ ዝገብር 'ዩ።

ገለ ናይቲ ዓውዲ ሰብ ሞያ ከምዝገልፅዎ፤ ኣብ መንጎ ቱሪዝምን ባህልን ዘሎ ምትሕብባርን ዝምድናን ክልቲኦም ዓውድታትን ሕድሕዳዊ ፅግዕተኛነት ዘጉልሕ 'ዩ። እዚ ማለት እቲ ሓደ ኣብቲ ካሊእ ፅግዕተኛ ከምዝኾነ 'ዩ ዘርኢ። በዚ ምኽንያት 'ውን ባህላዊ ቱሪዝም ሎሚ ኣብ ዓለምለኸ ቱሪዝም ዓቢዩ ተራ ከምዘለዎ 'ዩ ዝግለፅ። ከምኡ 'ውን ብተመሳሳሊ ሰላምን ቱሪዝምን ዘይነፃፀሉ ናይ ሓደ ሳንቲም ክልተ ገፃት 'ዮም ምባል ይከኣል። ኩሉ ከምዝፈልጦ ብዘይሰላም ቱሪዝም ክሕሰብ ኣይኽእልን 'ዩ። ምኽንያቱ ሓደ ሃዋፂ ናይ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ናይ ደገ ቅድሚ ናብ ሓደ ቦታ ክኸይድ ምውሳኑ ናብ ኣእምሩኡ ዝመፅእ እቲ ዝኸደሉ ቦታ ሰላም ኣለዎዶ ኢሉ ከይሓተተ ንምጉብናይ ኣይውስንን። ስለዚ ኣሸንዳን ከም ኣሸንዳን ዝበሉ ባህላዊን ሃይማኖታውን በዓላት ከምኡ 'ውን ስላምን ቱሪዝምን በቀጥታ ይኹኑ ብተዘዋዋሪ ተዛምድቲ 'ዮም ምባል ይክኣል።

በዚ መሰረት ኣብ ሃገርና ዝኽበሩ ዝተፈላለዩ በዓላት ብዝድለይ ድምቀት ንምኽባር ብመሰረታዊነት ሰላም ኣድላይ 'ዩ። ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሃገርና ብፍላይ ከዓ ኣብ መላእ ትግራይ ብስፍሓትን ብደምቀትን ዝኽበር በዓል ኣሸንዳ ብዋናነት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ድማ ናይ ኣዋልድ ደቂ ኣሸንዳ እንተኾነን ኣብዝሓ ኣብ ትግራይ ዘለው ማሕበረሰባት በቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ተቛደስቲን ተረባሕትን ናይቲ በዓል 'ዮም ምባል ይከኣል። እዚ በዓል ኣብ ዓለም ካብ ተመሳሰልቲ ፌስቲቫላት ደቂ ኣንስትዮ ኣዝዩ ፍሉይ ትሕዝቶ፣ታሪክ፣ ዕድመ፣ ኣድማሳውነት፣ ድምቀት፣ ትርጉም፣ ክብርታት ወኒኑ ዝከበርን ቀልቢ ማሕበረሰብ ዓለም ዝስሕብ ዘሎ ኮይኑ፤ እዚ ድማ መስሐብ ቱሪዝም ኣብ ምዕዛዝ ልዑል ተራ ክፃወት ዝኽእል በዓል 'ዩ።

ካብዚ ብተውሳኺ ኣብዚ በዓል ዝንፀባረቁ መልእኽትታት ዓሚቕ ሃይማኖታውን ባህላውን መሰረት ዘለዎም፣ ብዛዕባ መሰል፣ ማዕርነትን ፍትሕን ደቂ-ኣንስትዮ፣ ዓርሰ-እምነት፣ ተፈጥራዊ ፅባቐ ደቂ-ኣንስትዮ ዝግለፀሉ፣ ባህልን ትውፊትን ዝወራረሰሉን ካልኦት ንህዝብን ሃገርን ልዑል ረብሓ ዘለዎም ፍፃምታት ዘክናወኑሉ በዓል ብምዃኑ፤ ሰላምን ምርድዳእን ንምዕዛዝ ግደ ኣለዎ 'ዩ።

ሰላም ምስ ዝህልው ድማ በዓላት ብዝድለ ደሚቆም ንክኽበሩ ካብ ዘድለዩ ሓደን ዋናን 'ዩ። ምኽንያቱ እዚ በዓል እንትኽበር፤ ፍቅሪ፣ ሓድነት፣ ማዕርነት፣ ምትሕብባር፣ ሰናይ ትምኒት፣ ምስጋናን ሙገሳን ዝግለፀሉን ዝንፀባረቐሉን ስለዝኾውን ኣብዚ እዋን ልዕሊ ኹሉ እዋን 'ውን ቀልዑ፣ መንእሰያት፣ ዓበይትን ኣረጋውያንን ኮታስ ነዚ በዓል ዘኽብር ኩሉ ማሕበረሰብ ፍሉይ ናይ ሓጎስ ስምዒት ስለዝፈጥር ሰባት ነኒባዕሎም ናይ ሰናይ ትምኒት ብምግላፅ፣ ምክብባርን ምቅርራብን ስለ ዘረእዩን ምኽባር እቲ በዓል 'ውን ዓርሱ ሓደ ፍልፍል ሰላም ክኸውን ይኽእል 'ዩ።

ሕዚ ኣብ ትግራይ ተረኺቡ ብዘሎ ኣነፃራዊ ሰላም ፍልፍል ቱሪዝም ክኾኑ ዝኽእሉ በዓላትና ከነቓቕሑ ብምግባር በቲ ኲናት ዝተጎደአ ቁጠባዊወን ኢኮኖሚያውን እቲ ክልልን ሕብረተስብን ምስ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ብምዃን ብትኹረት ምስራሕ ንፅባሕ ዝበሃል ኣይኮንን። ብፍላይ ባህላውን ሃይማኖታውን በዓላት ኣዝዮም ጥንታውያን ገዳማት፣ መስጊድ ከምኡ 'ውን ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን ቐርስታት ዘለዋ ክልል ከም ምዃና መጠን እዚኦም በዓላትን ትግራይ ፍልፍል ቱሪዝም ኮይኖም ንዳግማይ ህንፀት ትግራይ ዝህልዎም ኣወንታዊ ግደ ቐሊል ካብ ዘይሙዃኖም ብተወሳኺ፤ በዓል ኣሸንዳ ይኹን ካልኦት በዓላት ትግራይ ሃይማኖታውን ባህላዊን ትውፊታትን ነባሪ ሃፍትና ስለዘኾኑ፤ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፉ ንክኸዱ ጠመተ ተዋሂብዎም ንክስርሐሎም ኩላትና ግደ ስለዘለና ግቡእና ክንዋፃእ ይገባእ።

### ኣብ ሃገረና ዝኽበሩ ዝተፈላለዩ በዓላት ብዝድለይ ድምቀት ንምኽባር ብመሰረታዊነት ሰላም ኣድላይ 'ዩ

ክምዝፍለጥ ቅድም ክብል ብኮሮና ተዛሓሒሉ ዝነበረ ምንቅስቓስ ቱሪዝም ቀፂሉ 'ውን ብሰንኪ ከቢድ ኩናት ንኣስታት ሰልስተ ዓመታት ሙሉእ ብሙሉእ ጠጠው ኢሉ እንተፀንሐ 'ውን ብስምምዕ ፕሪቶተያ ዝተረኽበ ኣንፃራ ሰላም ከም በዓላት ኣሸንዳ፣ ሓዱሽ ዓመት፣ መስቀል ጥምቀት ዝመሳሰሉ በዓላት ቱሪዝም ከነቓቕሑ ብምግባር ፅቡቅ ዝበረታትዑ ፈተናታት እናተገበሩ መፂኦም 'ዮም። 'ቶም ዝተሰርሑ ድማ ብዝበለፀ ከበረታትዑን ክድገፉን ዝግብኡን ተግባራት 'ውን 'ዮም።

ድሕሪ እቲ ዝበፅሐ ከቢድ ዕንወት ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ብዙሓት ሓደሽቲ መሰረተ ልምዓታት ቱሪዝም ንምፍጣር ዝኸብድ እንትኾነ 'ውን እንተነኣሰ ናብቲ ዝነበሮ ንምምላስ መንግስቲ፣ ሃገራውን ዓለም ለኻውን ትካላት ገበርቲ ሰናይን ብፍላይ ተወለድቲ ትግራይ ፈተውቲ ትግራይን ብዝኽኣሎ ዓቅሚ ክረባረብ ኣለዎ።

ከም ፀብፃብ መራኸብቲ ሓፋሽ፤ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ በቲ ኵናት ዝተጎድአ ዓውዲ ቱሪዝምን ኢኮኖሚን እታ ክልል ፀጋታት ቱሪዝም ብምዕቃብን ናብ ረብሓ ብምውዓልን ናብቲ ዝነብሮ ንምምላስ ጥራሕ ዘይኮነስ ናብ ዝሓሸ ኢኮኖምያዊ ረብሓ ንምውዓል እቲ ቢሮ ትልምን ኣንፈትን ሒዙ ኣብ መላእ ከተማታት ትግራይ ሰላምን ድሕነንትን ብዝሓለወን ብዝደመቐን መልክዑ ንምኽባር ሰፊሕ ምድላዋት ከምዝተገበረ እናተገለፀ 'ዩ ዝርከብ ዘሎ።

ነዚ በዓል ንምኽባር ካብ ዝተፈላለዩ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ንዝመፅኡ ኣጋይሽ ኣዕጋቢ ኣገልግሎታት ብምሃብ ኣብ ማሕበራዊ ኢኮኖምያዊ ረብሓ ኣብ ምምፃእ ልዑል ግደ ከምዝህልዎ ይግለፅ 'ዩ። ስለዝኾነ ትግራይ ብምኽንያት በዓል ኣሸንዳ ንዝመፅኡ ኣጋይሻ ንምቅባል ምሉእ ምድላዋት ገይራ ከምዘላን ኣብ ደገን ኣብ ውሽጥን ኢትዮጵያ ንዘለው ሃወፅቲ መፂኦም 'ውን ተኻፈልቲ ናይዚ ብዓል ንክኾኑ ይፅዋዕ 'ዩ ዘሎ እሞ ናይዚ በዓል ተሳተፍቲ ብሙዃን ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ኣንፃራዊ ሰላም ንምዕዛዝን ንዕቤት ቱሪዝምን ከንጥቐመሉ ድልዋት ንኹን። ኣሸንዳ ብዝግባእ እንተተሰሪሕዎ ንዕቤት ቱሪዝም ዘለዎ ግደ ቐሊል ዝበሃል ስለዘይኮነ ኣብዚ ጉዳይ ቖላሕታ ሂብካ ብምስራሕ ፍልፍል እቶት ንምግባር ኩሉ እጃሙ ከወፊ ይግባእ።

በዓል ኣሸንዳን ከም ባህሊታት፣ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ዝበሉ ብዙሓት ረበሓታት ዘለዎ ምስሙዃኑ ምዕቃቡ ኣዝዩ ኣገዳሲ 'ዩ። ብፍላይ ኣብ ምህናፅ "ባህሊ ሰላም" ንዝተፍላለዩ ባህልታት ማሕበረሰባት ኣፍልጦ ብምሃብን ብምኽባርን ንህንፀት ሰላም 'ውን ወሳኒ ግደ ስለዝህልዎ፤ እዚ ብውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ዝተረኸበ ኣንፃራዊ ሰላም በዓል ኣሸንዳን ካልኦት በዓላትናን ብድምቀት ንክነኽብር ወሳኒ ስለዝኾነ ነዚ ሰላም ክሕለውን ክዓዝዝን ኩሉ ፈታዊ ሰላም ግዲኡ ክፃወት ይግባእ።

# እዋናዊ ዛዕባ

## ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ሽዱሽተ ሚኢቲ ሚልዮን ፍልስታት ንምትካል ኩሉ ክረባረብ ይግባእ

መኣርግ ገ/ሄር

ደን ንጥዕና ወዲሰብን ካልኦት ህይወታውያንን ብሓፈሻ ንድሕንነት ምድሪ ኣዝዩ ኣገዳሲ 'ዩ። ንወዲሰብ ኦክስጅን ይህብ፣ ነባሪ ኣየር ብምቍፅፃር ፅዕንቶ ለውጢ ነባሪ ኣየር ብምምካት ጥዑይ ነባሪ ኣየር ክህሉ ይገብር። ደን ብሚልዮናት ዝቝፀሩ ፍጥረታት መንበሪ ስለዝኾነ ዘለዉና ደናት ብምሕላው ካልኦት ተወሰኽቲ ብምትካል ሽፋን ደን ከነውስኽ ይግባእ።

ፅባሕ 17ነሓሰ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 600ሚልዮን ፈልሲ ንምትካል ኣብዝካየድ ፕሮግራም ቐዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 600 ሚልዮን ፈልሲታት ብምትካል ኩሉ ዓሸርኡ ከቕምጥ ከምዘለዎ ብምግላፅ፣ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ብሓደ መንፈስ እንተተላዒሉ ካብዚ ንለዓሊ ምትካል ከምዝከኣል ብማሕበራዊ ገፆም መልእኽቲ ኣማሓላሊፎም 'ዮም።

ዝተፈላለዩ ክልላት ንሃገራዊ መርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ኣሰር ዝተፈላለዩ ምድላዋት እናገበሩ መፂኦም ኣለዉ። ብፍላይ ፅባሕ 17 ነሓሰ ንዝካየድ 600 ፈልስታት ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ናይ ምትካል ፕሮግራም ምድላዋቶም ወጊኖም 'ዮም፤ ነዚ ብብርኪ ሃገር 17 ነሓሰ 2016 ዓ.ም ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 600 ሚልዮን ፈልሲ ናይ ምትካል መርሃ ግብሪ ምድላው እንታይ ከምዝመስል ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ዘዛራረቦም ዝተወሰኑ ክልላት ከምዝስዕብ ይብሉ፡-

ክልል ትግራይ ከንሪኢ እንተለና ክረምቲ ካብዝኣቱ ጀሚሩ ብዙሓት ፈልስታት እናተተኸሉ ዝመፁ እንትኾኑ፤ ኣብ ወርሒ 17ነሓሰ ኣብ ዝካየድ ሃገራዊ ምትካል ፈልሲ መርሃ ግብር ማለት ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚኢትን ሰለስተን ሽሕን 28ን (503,028) ኣብ 450 ሄክታር መሬት ንምትካል ምድላዋት እናተገበሩ ምምፅኦም ቢሮ ሕርሻ ክልል ትግራይ ገሊፁ ኣሎ።

ዳይሬክተር ልምዓትን ኣጠቓቕማን ደኒ እቲ ቢሮ ኣይተ ተስፋይ ተክለሃይማኖት ብፍላይ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብዚ ዓመት ልዕሊ 58ሚልዮን558 ሽሕን 241ን ፈልሲ ንምድላው ተተሊሙ እናተሰርሐ ነይሩ 'ዩ፣ ይኹን 'ምበር ብሕፅረት ዓቅሚ ምኽንያት 33ሚልየንን 207ሽሕን 433ን ፈልሲ 'ዩ ተዳልዩ እናተተኸለ መፂኡ።

ኣብ ወርሒ 17 ነሓሰ ብፌደራል ብዝተወሃበ መደብ መሰረት ብብርኪ ሃገር ዝካየድ ሓምለዋይ ኣሰር መርሃ ግብሪ፣ ማለት ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ዝግበር ወፍሪ ምትካል ፈልሲ ኣብ ትግራይ ከምቲ ቕድም ዝበልክዎ 503,028 ፈልሲ ኣብ 450 ሄክታር ንክትከል ወዲእና ኣለና ክብሉ ኣይተ ተስፋይ ይዛረቡ።




ህዝቢ ትግራይ ቕድሚ ሕዚ ጀሚሩ ኣብ ፅቡቕ ስራሕቲ ምሕዋይ ከባቢ ዝነበረ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ተስፋይ፤ ሎሚ 'ውን ናብኡ ንክንምለስ ፅቡቕ ፃዕሪ እናተገብረ ከምዝርከብ ይዛረቡ። ብምኳኑ ሐዚ 'ውን ከም ትማሊ እቲ ህዝቢ ተወዲቡ ውፅኢታዊ ስራሕ ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ ይብሉ።

ህዝቢ ትግራይ ትማሊ ዘጥረዮ ደኒ ኣብዚ ፀገም እዋን ተጠቂሙሉ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ተስፋይ፤ ሐዚ ድማ ነቲ ተፈጥሮ ንምሕዋይ ክስራሕ ኣለዎ፤ ናይ ቀፃሊ ሂወትና ክነውሕስ ሐዚ ብርሰት ክንከላከልን ክንተክል ኣለና ይብሉ።

ነዚ ሐዚ ገጢሙና ዘሎ ፀገም ነኒበይንኻ ከይድካ ክፍታሕ ከምዘይከኣል ስለ እንርዳእ ምስ ዝምልከቶ ኩሉ ብምርድዳእን ብምትሕግጋዝን 'ዩ ዝስራሕ ዘሎ ዝበሉ ኣይተ ተስፋይ፤ እዚ ተዘይኺውን ነይሩ ሐዚ ነዚ ፈልሲ ክነፍልሰሉ እንኽለሉ ዕድል ኣይምሃለወን ነይሩ፤ እዚ ተሰሪሑ ዘሎ ብናይ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ሓገዝ ከምዝኾነን ይገልፁ።

ብተመሳሳሊ ክልል ኣምሓራ 17 ነሓሰ 2016 ዓ.ም ንዝካየድ ሃገራዊ ምርሃ ግብሪ ምትካል ፈልሲ ምድላዋቱ ከምዝወገነ ገሊፁ ዩ። በዚ መሰረት ተኸላ ዝካየደሎም ቦታታት ሓዊሱ ዓይነታትን በዝሕን ናይ ምፍላይ ስራሕ ምፍላዩ ካብ ቢሮ ሕርሻ እቲ ክልል ዝተረኸበ ሓበሬታ የርድእ።

ህዝቢታት ክልል ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ምክትል ርእሰ ምምሕዳርን ሓላፊ ቢሮ ሕርሻ ኣይተ መስረሻ በላቸው ብግዲኦም ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ እንትገልፁ፤ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 600 ሚልዮን ፈልሲ ንምትካል ኣብቲ ክልል ሰፊሕ ምድላዋት ተገይሩ 'ዩ።

ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ጎስጓስ ሓምለዋይ ኣሰር ኣብቲ ክልል ዝርከቡ ሓደ ነጥቢ ሓደ ሚልዮን ሰባት ብምስታፍ ኣብ ልዕሊ ሽውዓተ ሽሕን 560 ሄክታር መሬት 18 ነጥቢ ትሽዓተ ሚልዮን ፈልሲ ንምትካል ምድላው እናተገብረ ምምፅኡ ይገልፁ።

ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ጎስጓስ ሓምለዋይ ኣሰር 23 ነጥቢ 7 ሚልዮን ፈልስታት ናይ ምፍላይ ስራሕ ቐዲሙ ተሰሩሑ 'ዩ ዝበሉ እቶም ሓለፊ 18 ነጥቢ ሓደ ሚልዮን ናይ ፈልሲ መትከሊ ጉድጓድ ከምተዳለወ ብምግላፅ፣ ንመትከሊ ቦታታት ተፈልዮም ተዳልዮም ከምዝርከቡ ይዛረቡ።

ኣብ 2016 ዓ.ም ኣብቲ ክልል 400 ሚልዮን ፈልሲ ንምትካል ተተሊሙ እናተሰርሐ ብዘሎ ስራሕ ክሳብ 10ነሓሰ 2016 ዓ.ም ካብ 2080 ሚልዮን ንለዓሊ ፈልሲ ተተኺሉ፤ እተ ዝቐረየ ክሳብ 30 መስከረም ተተኺሉ ክዛዘም 'ዩ ዝበሉ ኣይተ መስረሻ፤ ካብቲ ዝትከል 400 ሚልዮን ፈልሲ 60ሚኢታዊ ዝኸውን ንምግብነት ዘግልግሉ 'ዮም ክብሉ ገሊፆም 'ዮም።

ሓላፊ ቢሮ ሕርሻ ክልል ቤንሻንጉል ጉሙዝ ኣይተ ባበኸር ሃሊፍ በግዲኦም፤ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ጎስጓስ ሓምለዋይ ኣሰር ኣብ ዝተመረፁ ሓደ ሚኢቲን 96ን ቦታታት 500 ሰባት ብምስታፍ 15ሚልዮን ፈልሲታት ንምትካል ፈልስታት ናይ ምጉዕዓዝን ጉድጓድ ናይ ምኹዓትን ስራሕ እናተሰርሐ ምምፅኡ ይገልፁ።

ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ጎስጓስ ሓምለዋይ ኣሰር ኣብቲ ክልል ንምትካል ካብዝተተለመ 15ሚልዮን ፈልሲታት ውሽጢ 60 ሚኢታዊ ዝኸውን ንምግብነት ዘገልግሉ እንትኾኑ፤ 40 ሚኢታዊ ዝኸውን ድማ ንሓመድን ማይ ንምሓዝ ዘገልግሉ ከምዝኾኑ ይሕብሩ።

ኣብ 2016 ዓ.ም ኣብቲ ክልል 70ሚልዮን ፈልሲታ ንምትካል ተተሊሙ እናተሰርሐ ኣብዘለወሉ ክሳብ 10ነሓሰ 2016 ዓ.ም 35 ሚልዮን ፈልሲታት ናይ ምትካል ስራሕ ከምዝተኻየደን እቲ ዝቐረየ ንምትካል ጠንካራ ስራሕ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ኣይተ ባበኸር ይገልፁ።

ኣብቲ ክልል ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ጎስጓስ ሓምለዋይ ኣሰር ኣብ ሓደ ሽሕን 226 ሄክታር መሬት 221 ሺሕ 432 ሰባት ብምስታፍ ክልተ ሚልዮን 214ሺሕ 324 ፈልሲታት ንምትካል ምድላው እናተገብረ ከምዝኾነ ኣብ ክልል ዓፋር ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮን ምክትል ሓላፊ ኣይተ ዑስማን መሓመድ ይዛረቡ።

ነቲ ጎስጓስ ተግባራዊ ንምግባር እናተሰርሐ ብዘሎ ስራሕ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ጉዳጓድ ፈልሲ ከምተዳለዉ ብምግላፅ፤ ኣብ 2016 ዓ.ም ሓምለዋይ ኣሰር መርሃ ግብሪ ኣብ ሓሙሽተ ሽሕን 531 ሄክታር መሬት ዓሰርተ ሚልዮን ፈልሲታት ንምትካል ተተሊሙ እናተሰርሐ ከምዝመፀን እናተሰርሐ ብዘሎ ስራሕ ኣርባዕተ ነጥቢ ክልተ ሚልዮን ዝኸውን ናይ ምትካል ስራሕቲ እናተሰርሐ ከምዝመፀ 'ዮም ዝዛረቡ።

ኣብቲ ክልል ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ጎስጓስ ሓምለዋይ ኣሰር ተግባራዊ ንምግባር እቲ ማሕበረሰብ ግዲኡ ክዋፃእ ይግባእ ክብሉ መልእኽቶም ኣማሓላሊፎም 'ዮም።

ብደረጃ ሃገር ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 600 ሚልዮን ፈልሲታት ንምትካል ኣብ ዝካየድ መርሃ ግብሪ ሓምላዋይ ኣሰር፣ ትልሚ ተተሊሙ ዝተፈላላዩ ምድላዋት እናተገብረ ምምፅኡ ዝፍለጥ 'ዩ።

## ዘላቒ ፍታሕ...

ውን ሓደጋ ውሕጅ ህይወት ብዙሓት ሰባት ዝሓለፈ እንትኸውን ሕዚ 'ውን እናጋጠመ ዝርከብ ሓደጋ 'ዩ። ምድርማስ መሬት ኣብ ከባቢታት መታሕት ዝለዓለ ማይ ኣብ ዝወቕዐሉ ግዜ፤ በረድ እንትመክኽ፣ መሬት እንትስንጠቕ፣ ብእሳተ ጎመራ፣ ብለውጢ ኣብ ውሽጢ ከርሰ ምድሪ ዘሎ መጠን ማይን ብኻልኦት ምኽንያታትን ዝፍጠር 'ዩ።

ካብ ካልኦት ተፈጥሮኣዊ ክስተታት ብዝበለፀ ምንቅጥቃጥ መሬት ብሰፊሑ ከምኡ 'ውን ኣብ ዝኾነ ክፋል ምድርና ክፍጠር ከምዝኽእል ዝተፈላለዩ መረዳእታታት ይሕብሩ። ኣብ ኢትዮጵያ 'ውን ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ ዞባ ጎፋ፣ ክልል ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ዞባታት ቤንች ሸኮ፣ ካፋን ዳውሮን፣ ክልል ሲዳማ ዞባ ማእኸላይ ሲዳማ፤ ኣብ ከተማ ድሬዳዋ፤ ክልል ትግራይ፤ ክልል ኣምሓራ ዞባ ደቡብ ወሎን ሰሜን ጎንደር፤ ክልል ኦሮሚያ ዞባታት ጅማ፣ ቄለም ወልጋ፣ ሃረርጌን ኣርሲን ኣጋጢሙ 'ዩ።

በዚ 'ውን በቲ ሓደጋ ህይወቶም ካብ ዝሓለፈ ዜጋታት ብተወሳኺ ካብ ገዝኦምን ንብረቶምን ዝተመዛበሉን ዝዓነወ ንብረት 'ውን ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኮነን። ኣብ ክልላት 'ውን ናብ ሓደጋ ተቓላዕቲ ዝኾኑ ቦታታት ተፈልዮም ንነበርቲ ኣብ ኻልኦት ቦታታት ናይ ምስፋር ስራሕቲ ተሰሪሖም።

ነዚ ስዒቡ 'ውን ሰብኣዊ ድጋፋት፣ ምግብን ምግቢ ዘይኮኑን ናውቲ፣ ዝተፈላለዩ ናውቲ ሕክምና፣ እታዎታት ህንፃ፣ ኣብ ወረዳ ጎፋ ብምኽንያት ምድርማስ መሬት ንዝተጎድኡ ወገናት ድጋፍ ከምዝተገበረ ተመላኺቱ።

ኣብቶም ዝቕፅሉ እዋናት እቲ ኽረምቲ 'ውን ሃንደበታዊ ውሕጅ፣ ምንቅጥቃጥ መሬትን ምምላእ ሩባታትን ከጋጥም ስለዝኽእል ማሕበረሰብ፣ ዝምልከቶም ኣካላት፡ ኣድላዪ ምድላው ከምኡ 'ውን ጥንቃቐ ክገብሩ ከምዝግባእ ኢንስቲትዩት ሚቲዮሮሎጂ ኢትዮጵያ ኣብ ዘውፅአ መግለፂ ኣተሓሳሲቡ 'ዩ። ብፍላይ መታሕት ኣብ ዝኾኑ ከባቢታት ምንቅጥቃጥን ምስንጣቕን መሬት ከምኡ 'ውን ዝራእቲ ብውሕጅ ዝውሰዱሉ ኩነታት ንከይህልው ምጥንቃቕ ከምዘድሊ 'ውን ኣጠንቂቑ 'ዩ።

ዓለም እናጋጠማ ብዘሎ ለውጢ ነባሪ ኣየር ምኽንያት ምንቅጥቃጥ መሬት እናተደጋገመን እናገደደን ምምፅኡን እዚ 'ውን ቐፃልነት ክህልዎ ከምዝኽእልን ሰብ ሞያ ይሕብሩ። ኣብ ቀረባ ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ዝተፈጠረ ምንቅጥቃጥን ምድርማስን መሬት ምስ እዚ ከምዝተሓሓዝ የረድኡ።

ኣብ ናይ ሓመድ ሳይንስ በዓል ሞያ መሓመድ ሓሰን (ፕ/ር) ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ኢትዮጵያ ፀገም መሬት ስለዘሎ ብሰንኪ ሕፅረት ኣጠቓቕማ መሬትን ሕፅረት ሃፍቲን ሓዱሽ ሓደጋ ከይኸሰት ምግባርን ሓደጋ ዝተኸሰተሎም ከባቢታት ዳግመ ልምዓት ስራሕቲ ክስራሕ ከምዘለዎን ይገልፁ፡፡

ሓደጋ ዝበፅሖም ከባቢታት ናብ ልምዓት ንምምላስ ስፍሓት ናይቲ ፀገም ምፍላጥ፣ ብኸመይ ከ ምምላስ ይከኣል? እንታይ ዓይነት ኣገባብ ምቍፅፃር የድሊ? ዝብሉ ሕቶታት ብምምላስ ናይ ዳግመ ልምዓት ስራሕቲ እንተዘይተሰሪሑ ዝስርሑ ሓደሽቲ ስራሕቲ ግዝያዊ እምበር ዘላቒ መፍትሒ ዘምፅኡ ከምዘይኮኑ ይጥቕሙ፡ ፡ ናይዚ መርኣያ ድማ እቲ ሕዚ ዝረአ ዘሎ ፀገም ቅድሚ 100ን 50ን ዓመት ዝነበረ ሰብ ዝሰርሖ ፀገም ውፅኢት 'ዩ ይብሉ።

ኣብዝሓ ክፋል ኢትዮጵያ ጎቦታትን ብሰብ ስራሕ ሓደጋታት 'ውን ዝተጎድአ ብሙኳኑ ተጋላፂነቱ ንምቕናስ ዘላቒ ብልሓት ምክልኻል ሃፍቲ ተፈጥሮ ምጥቃም ኣድላዪ 'ዩ በሃላይ 'ዮም፡፡

ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ዝተርኣየ ምግህማስ መሬት ብልዑል ብርኪ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት እታ ሃገር ዘባፅሐ ፅዕንቶ ከቢድ ጉድኣት ዘምፅእ ካብሙኹኑ ብላዕሊ ሰብ ስራሕ ፀገማት ንፀገማት ተፈጥሮ እናበኣኣሱ ይኸዱ ከምዘለው ዘመላኽት 'ውን 'ዩ ይብሉ፡፡

ናይ ተፈጥሮ ኣእዋም ሓመድ ኣጥቢቑ ብምሓዝ እቲ ዝዘንብ ዝናብ መጢኑ ናብቲ ሓመድ ንክልሑኽ ናይ ምግባር ዓቕሚ ብምሕያል ሚዛናዊነት ተፈጥሮን ብዝበለፀ ምሕላው ይኽእሉ 'ዮም ዝብሉ ፕሮፌሰር መሓመድ፤ ሐዚ ኣብ ዘተፈላለዩ ከባቢታት እናተረኣዩ ዝረከቡ ምሽርሻር ሓመድን ምድርማስን መሬትን ሓደ መበገሲ ምምንማን ደንታት ተፈጥሮ ምኳኑ ይገልፁ፡፡

መፍትሒኡ ድማ ኣቀዲምካ ስራሕቲ ምክላኻል ብትኹረት ምስራሕ፣ንተፈጥሮ ዘገናዘበ ምስፋር ህዝቢ፣ ንልምዓት ዝውዕሉ መሬታት በቢዘፈሩ ብምኽፋል ዘመናዊ ኣጠቓቕማ ስርዓት መሬት ምኽታል፣ ነቲ መሬት ብዝተፈላለዩ በላሓታት ምሕካምን ከምኡ 'ውን ደንታት ተፈጥሮ ብበዝሒ ክትከሉ ምግባር ኣድላይ 'ዩ፡፡

ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓያውያን ካብ 1960ታት ጀሚሩ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ መሬትን ምስ ጉዳያት መሬት ዝተተሓሓዘ ዘተፈላለዩ መፅናዕትታትን ሪፖርታትን እናተተግበሩ 'ውን እቶም ቀረፅቲ ፖሊሲ ነቲ እታዎታት ወሲዶም ብትኽክል ስለዘይተርጎምዎ፣ ፖሊሲታት ተግባራዊ ምግባር ብዘይምኽኣሉ ከምኡ 'ውን ተዋዲዱ ብዘይምስርሑ ፀገማት ብዝበለፀ እናወሰኹ ምምፅኦም ይዛረቡ፡፡

ማሌዢያ ካብ ኢትዮጵያ ብዝበለፀ ብተፈጥሮን መሰል ሓደጋታትን ተጋላፂት እንተኾነትን ብዝተዋደደ ስራሕ ብምስርሓ ሓደጋ ምቍፅፃርን ሓለሓሊፉ ንዝፍጠር 'ውን ከይስፋሕፋሕ ምግባር ከምዝኸኣለት ይዛረቡ፡፡

ንቀፃሊ ኣብ ኢትዮጵያ 'ውን እቲ ፀገም ኣቀዲምካ ብምክልኻል፣ ሓደጋ ዝበፅሖም ቦታት መሊስካ ብምልማዕ፣ ተፈጥሮ ብምንክብኻብ ከምኡ 'ውን ፖሊሲ መውፃእቲ ሰብ ምዩን ብሓባር ምስራሕ እንተዘይኪኢሎም እቲ ፀገም እናሰፍሐ ብምኻድ ዘብፅሖ ፅልዋ ልዑል ክኸውን 'ዩ ዝብሉ በዓልሞያ ሓመድ ሳይንስ፤ እቲ ምንክብኻብ 'ውን ንዝተወሰነ ኣካል ዝሕደግ ብዘይምኳኑ ካብቲ ሕብረተሰብ ጀሚሩ ኩሉ ብምትሕብባር ክሰርሕ ከምዘለዎ የብርሁ፡፡

ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ክኢላ ሓለዋ ከባቢ ኣይተ ዲሪባ ዳዲ (ረ/ፕ) ብግዲኦም ነቲ ፀገም ብዘላቒ መንገዲ ንምፍታሕ ናይ ኢትዮጵያ ስነ ምህዳር ዘገናዘበ እንክብካበ ምግባርን ሕዚ ንሓደጋ ተቓላዕቲ ዝኾኑ ክፋላት ሕብረተሰብ ናብ ካልኦት ቦታታት ብምውሳድ ምስፋር ከምዘድሊ ይገልፁ።

ካብ ዝተፈላለዩ ኢንዳስትሪታት ዝወፁን ካብቲ ሕብረተሰብ ዝፍልፍሉን ተረፈ ምርት ብግቡእ ብዘይ ምጉሓፎም ለውጢ ነባሪ ኣየር ዓለም ከውስኽን እዋኑ ዘይሓለወ ምልውዋጥ ወቕቲ ብምምፃእ ሃንደበታዊ ሓደጋታት ክኽሰቱ እናኸአሉ ምኳኖም የርድኡ፡፡ ከም ገለፃ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ዲሪባ፤ መጠኑ ካብ ንኣሽቱ ክሳብ ዓበይቲ ምፍራስ መሬት ምኽሳቱ ካብ ልዑል ምስፋር ህዝቢን ንልምዓት ዝውዕሉ ቦታታት ብመፅናዕቲ ዘይተደገፉ ብምኳኖም 'ዩ።

እቲ ሓደጋ ክቕፅል ከምዝኽእል ብዙሓት መርኣያታት ስለዘለዉ መፅናዕትታት ተኻይዶም ኣጠቓቕማ ግልጋሎት መሬት ዘመናዊ ምግባርን ሓምለዋይ ኣሰር፣ ስራሕቲ ዛላታት ከምኡ 'ውን ካልኦት ኣታሓሕዛ መሬትን ምጥንኻር ኣድላዪ 'ዩ ይብሉ።

ርጉዕን ሰላማውን ሃዋህው ኣብ ምፍጣር ግደ ስራሕቲ ልምዓት ሓለዋ ከባቢ ልዑል ምኳኑ እቶም ሓጋዚ ፕሮፌሰር ዝገለፁ፤ ፋብሪካታትን ካልኦት ጠንቂ ብከላ ዝኾና ትካላትን ኣድላዪ ስራሕቲ ሓለዋ ከባቢ ክስርሑ ንቕሓት ናይ ምፍጣር ስራሕ ክስራሕ ከምዘለዎ የመልክቱ።

ብፍላይ ድማ ዘይግቡእ ኣተሓሕዛ ጎሓፍ ነቲ ከባብያዊ ለውጢ ነባሪ ኣየር ዘጋድድ ጥራይ ዘይኮነስ ቁጠባዊ ረብሓታት 'ውን ከምዝጎድእ ይዛረቡ።

ዕዱም ጋሻ

# “ሸፋን ደን ትግራይ ትማሊ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ከንረባረብ ይግባእ”

-ኣይተ ተስፋይ ተክለሃይማኖት

ኣብርሃ ሓጎስ

**ናይ ሎሚ ጋሻ ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፍጥሮን ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተር ደን ኣይተ ተስፋይ ተኽለሃይማኖት ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝገበርዎ ፃንሒት ኣብዚ ዓመት ቢሮኦም ተሊሙ ዘዐወቶም ስራሕሐሕሐሕቲ፣ ፅባሕ ብብርኪ ሃገር ኣብ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዝትከል ፈልሲ ተተሓሒዙ ዘሎ ምድላው፣ ኣብ ኽይዲ ስራሕ ዘጋጠምዎም ማሕለኻታት ብፍላይ ዘይሕጋዊ ዕደናን መቀርን ኣብ ብርሰት ደኒ ዘለዎ ፅዕንቶ፣ ብሓፈሻ ንደኒ ብመጠን ኣድላይነቱን ዝህቦ ረብሓን ዝተወሃቦ ትኹረት እንታይ ከምዝመስልን ንዝቅፅል ዓመት ብዝሓሸ ንምስራሕ እንታይ ትልምን ኣንፈትን ሒዞም ይሰርሑ ከምዘለዉን ካልኦት መልኽታትን ፃዊዕታትን ከምዚ ዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣልና፡፡ ሰናይ ንባብ!**

**ወጋሕታ ፦ ኣብዚ ዓመት እንታይ ተሊምኩም ኣዐዊትኩም? እንታይ ብድሆታት ወይ ማሕለኻታት ከ ኣጋጢምኩም ብፍላይ ምስዚ ናይ ክረምታዊ ተኽላ ፈልሲ ተተሓሒዙ እንታይ ስራሕቲ ተሰሪሑ?**

**ኣይተ ተስፋይ፦** ዝሓለፈ ዓመት 6ሚልየንን 802ሽሕን 405ን ካብ ዝተተኸሉ ፈልስታት ደኒ እቲ 5ሚልየንን 673 ሽሕን 930ን ወይ ካብ ዝተተኸለ 83.41 ሚእታዊ ናይ ክንክን ስራሕቲ ዝተሰርሐሉ ኾይኑ፤ በዚ መሰረት ድማ ካብ ዝተተኸለ ፈልሲ ዝፀደቀ ክንሪኦ ከለና፤ ኣብ ቀዳማይ ዙር 5ሚልየንን 257ሽሕን 099ን 97.28 ሚእታዊ ዝፀደቀ ኾይኑ፤ ኣብ ካልኣይ ዙር ኣብ ሽዱሽተ ወርሑ ድማ 4ሚልየንን 688 ሽሕን505ን 68.26 ፀዲቑ ‘ዩ። እቲ ሕብረተሰብ ነዚ እናተነኽባኽበ ናይ ቀፃሊ ስራሕቱ ‘ውን እናሰረሐ ንናይ 2016/17 ዓ.ም ዝኸውን ‘ውን ዝተፈላለየ ስራሕቲ እናሰረሐ መፂኡ ‘ዩ። ካብዚ ድማ ጎናጎኒ ንተኽላ ዝኸውን ስትራክቸራት ጠሊ ዓቀብቲ ከም ጉደጓድ ምኹዓትን ምድላው ፈልስን እናሰርሐ ፀኒሑ ‘ዩ።

ኣብዚ ዓመት ድማ ክነዳልዎም ኢልና ካብ ዝሓዘናዮ 58ሚልየንን 558 ሽሕን 241ን ፈልሲ ክነዳልው ተሊምና ነይርና፤ ዘዳለናዮ ፈልሲ ግና 33 ሚልየንን 542 ሽሕን 918ን ‘ዩ፤ 57 ሚእታዊ ዘዳለና ኾይንና፤ ካብዚ ብቁዕ ንተኽላ ዝኸውን ፈልሲ ድማ 29 ሚልየንን 978 ሽሕን 169ን ወይ ከዓ ናይቲ ዝተዳለወ 89.4 ሚእታዊ ብቁዕ ፈለሲ ተባሂሉ ዝተፈለየ ኾይኑ እቲ ዝተረፈ ድማ ክንክን ተገይሩሉ ንቀፃሊ ዓመት ክዘውር ተገይሩ ‘ዩ። ነቲ ዝተዳለወ መሰረት ገይርና ድማ ናብ ናይ ተኽላ ፈልሲ ስራሕትና ኣቲና። እቲ ዝትከለሉ ከባቢ እቲ ሕበረተሰብ ብዝፈለጦን ብዝኣመነሉን ናይ ካርታ ስራሕ ብምድላው ኣብ 495 ናይ ተኽላ ሳይት (ቦታ) 54 ሽሕን 759ን ነጥቢ 25 ሄክታር ንተኽላ ዝኸውን ቦታ ተኸሊሉ። ብቁፅሪ እቲ ዝተዳለወ ብቁዕ ፈልሲ ‘ውን ሚእቲ ብሚእቲ ናይ ጉድጓድ ኳዕቲ ተኻይዱ ‘ዩ። ካብቲ ተዳለዩ ዘሎ ጉደጓድ 62 ነጥቢ 71 ሚኢታዊ ብጠሊ ዓቃቢ ስትራክቸር ዝተደገፈ ኮይኑ፤ ካብቲ ዝተዳለወ ጎዳጉዲ 44 ነጥቢ 38 ሚእታዊ ከዓ ፀገም ልሙዕነት ሓመዱ ንምፍታሕ ድኹዒ ተገይሩሉ ‘ዩ። በዚ መሰረት ‘ውን ኢና ናብ ተኽላ ሰጊርና።

ከምቲ ቅድም ኢለ ዝገለፅክዎ፤ 29 ሚልየንን 978 ሽሕን 169ን ፈልሲ ንክንተክል ተሊምና ክሳብ ሐዚ ብብርኪ ሃገር ኣብ ሓደ መዓልቲ ዝትከል ከይሓወስና ናብ 29 ሚልየንን 327 ሽሕን 765ን ኮይኑ እዚ ድማ ናይቲ ብቁዕ ዝተዳለወ ፈልሲ 97 ነጥቢ 3 ሚእታዊ ‘ዩ ተተኺሉ።



ኣብዚ ክሳብ ሐዚ ተገይሩ ዘሎ ተኽላ ዝነበረ ተሳተፎ ህዝቢ እንትንርኢ፤ 659 ሽሕን 874ን ደቂ ተባዕትዮ፤ 806 ሽሕን 514ን ደቂ ኣንስትዮ ብድምር 1 ሚልየንን 466 ሽሕን 388ን በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተኽላ ተሳቲፉ ‘ዩ። ኣብዚ ድማ ብዙሕ ዘይተፀበናዮን ዝንኣድ ስራሕቲ ተሰሪሑ ‘ዩ። ቅድሚ ሐዚ ዝትከሉ ፍልስታት ናብ ዝትከሉሉ ቦታ ብመንግስቲ ዝጉዓዓዝ ዝነበረ ኮይኑ ሎሚ ግና እቲ ህዝቢ ባዕሉ ምስ ናይቲ ከባቢ ሰብ ሃፍቲ ብምትሕብባር ብመኪናን ብኣድግን ከጎዓዓዝ ገይሩ ‘ዩ። ብተወሳኺ ‘ቶም መናእሰይ ተኽላ ፈልሲ ንምልዕዓል ቲሸርት ኣዳልዮም ተኽላ ዘኻይድሉ ኩነታት ‘ዩ ነይሩ። በዚ መሰረት ናይ ሎሚ ዓመት ብዘይገመትናዮ ብጣዕሚ ደስ ብዝብል ተሳትፎ ሕብረተሰብ ዝነበሮ ተኽላ ‘ዩ ነይሩ። ተኽላና ድማ ኣብ ነሐሰ 17 ዝጠቃለል ‘ዩ ዝኸውን።

ኣብዚ ኸይዲ ስራሕና ካብ ዘጋጠሙና ገለ ማሕለኻታት ድማ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ፅቡቅ እንተነበረ ‘ውን ብወገን ገለ ኣመራርሓታት ግና ሓገዝን ትኹረትን ዝቀነሰ ከምዝነበረ ኢና ርኢና። እቲ ዋናን ወሳንን ዝነበረ ፀገም ግና ኣብ ብርሰት ኣግራብ ዘነበረ ፀገም ‘ዩ። ኩነታት ብርሰት ኣግራብ ሐዚ ‘ውን እናቀፀለ ዘሎ ኩነታት ‘ዩ ዘሎ። ኩላትና ከም እንፈለጦ ምስ ዘይሕጋዊ ኣለሻ መኣድን ተተሓሒዙ ብዙሕ ደን ይበርስ ኣሎ። ብፍላይ ሕፅረት ወፃኢ ሽርፊ ኣብ ምቅላል ልዑል ግደ ዘለዎ ተኽሊ ከንኣን ሎሚ ዓመት ከም ቢሮ ከይምቀር ኢና ወሲንና ነይረና። ምኽንያቱ ኣብ ኲናት ብምፅናሕና ብዝተፈላለየ ምኽንያታት እቲ ደን ወይ እቲ ተኽሊ ጉድኣት በፂሕዎ ስለዝነበረ፤ ንዝተወሰነ ንክዓርፍን ዘለወሉ ኩነታት ‘ውን ንክፍለጥን ‘ቶም ቅድሚ ኲናት ብማሕበራት ተወዲቦም ዝሰርሕሉ ዝነበሩ በቲ ዝተፈጠረ ኲናት ዝተበታተኑ ስለዘኾኑ ከም ብሓዱሽ ብሰሩዕ ንክውደቡ ብምግባር ሓላፍነቶም ብምፍላጥ ዳግም ናብ ስራሕ ንምእታው ኢልና ኢና ስራሕቲ ምምቃር ንዘተወሰነ እዋን ደው ከብል ኢልናዮ ነይርና፤ ይኹን እምበር ብዘይሕጋዊ፣ ብስርቂ፣ ሓላፍነት ብዝጎደሎ ኣካይዳን ይምቀር ዘሎ ሙኺኑ ከም ሽግር ካብ እንሪኦም ‘ዮም።

> ኣብ ማሕበራዊ ኢኮኖሚያዊ ልዑል ግደ ‘ዩ ዘለዎ፡፡ ብፍላይ ኣብ ስነ ከባቢ ምስቲ ሐዚ ብሰንኪ ለውጢ ኣየር ንብረት ኣብ ዓለም ዝፈጥሮ ዘሎ ፀገም ኣብ ምሕካም ደኒ ዓቢይ ግደ ከመዘለዎ ይፍለጥ ‘ዩ

**ወጋሕታ ፦ እዞም ፀገማት ዝርኣዩ ዘለው ኣበይ ኣበይ ከባቢታት ”ዮም? መጠን ጉድኣቱስ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ተስፋይ፦** ብመጠን ክፈላለዩ ይኾኑ እምበር ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዝርኣዩ ፀገማት ‘ዮም። ንኣብነት ዝርኣዩ ፀገማት ኣብ ዘይሕጋዊ ምዕዳን ወርቂ ጥራሕ ዘይኮነስ በቢከባቢኡ እምንን ሑፃን ዘውፅኡ ዘለው ‘ውን ከም ሓደ ንምብራስ ደኒ ምኽንያት እናኾኑ ይመፅኡሉ ዘለውሉ ኩነታት ‘ዩ ዘሎ። ኣብ ናይ ኣዋጅ ደኒ ግልፂ ከምዝገብሮ ኣብ ናይ ደኒ ቦታታት ዕደና መክያድ ይኹን ናይ እምንን ሑፃን ምውፃእ ዝተኸልከለ ‘ዩ። ክፍቀድ ዝክኣል እንተኾይኑ ‘ውን ክፈቅድ ዘለዎ ቢሮ ሃፍቲ ተፈጥሮ ‘ዩ። ኣንሕና ኢና ክንፈቅድ ዘለና። ይኹን እምበር ሐዚ ኣነሕና ብዘይንፈልጦ መንገዲ ኣብ ታሕቲ ዘለው ኣመራርሓ ብኢደ ወነኖም ምሃብ ኣሎ። እዚ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዘሎ ኮይኑ ብፍላይ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ምስ ዘይሐጋዊ ምዕዳን ወርቂ ተተሓሒዙ ዝበለፀ መሰከፊ ዝኾነ ኩነታት ዝርኣየሉ ‘ዩ ዘሎ።

**ወጋሕታ ፦ ከምዝፍለጥ ተኽሊ ወይ ኣግራብ መሰረት ፍልፍል ሂወት ”ዮም። ተኽሊ ኣብ ምትኻልን ኣብ ምሕብሓብን ብመጠን ኣድላይነቱን ዝህቦ ብዙሕ ረብሓን ግቡእ ትኹረት ተዋሂብዎ እኹል ሃፍትን ሓይሊ ሰብን ተመዲብዎ ይስራሕ ኣሎ ዶ ይብሉ?**

**ኣይተ ተስፋይ፦** ረብሓ ግደ ደኒ ከምቲ ንስኻ ‘ውን ዝገለፅካዮ ብብዙሕ ክግለፅ ይከኣል ‘ዩ። ኣብ ማሕበራዊ ኢኮኖሚያዊ ልዑል ግደ ‘ዩ ዘለዎ። ብፍላይ ኣብ ስነ ከባቢ ምስቲ ሐዚ ብሰንኪ ለውጢ ኣየር ንብረት ኣብ ዓለም ዝፈጥሮ ዘሎ ፀገም ኣብ ምሕካም ደኒ ዓቢይ ግደ ከመዘለዎ ይፍለጥ ‘ዩ። ደኒ እንተዘይሃልዩ ሂወት ከመዘየለ ብስነ ሓሳብ ኩሉ ዝፈልጦ ‘ዩ። ይኹን እምበር ክንድኡ ዝኣክል ጠመተ ይግበረሉ ‘ዩ ዝብሃል ኣይኮነን። ንኣብነት ከም ምኽንያታት ዝግለፅ ነዚ መንቀሳቀሲ ዝኸውን ምንም ዓይነት በጀት የለን። ስለዚ ኣብዚ ብደንቢ ክስርሓሉ እንተዘይተኻኢሉ ከዓ ኣፀጋሚ ‘ዩ። ኸይዱ ኸይዱ ከዓ ናብ ምድረ በዳነት ዝቅየረሉ ኩነታት ‘ውን ኪጋጥም ይኽእል ‘ዩ። ሐዚ ክትሪኦ ከለኻ ኣብ ከባቢኻ ፅላል ዘይትረኽበሉ ኩነታት ይበፅሕ ዘሎ ኩነታት ‘ዩ ዘሎ። ክንድቲ ዘለዎ ረበሓ፤ ክንድቲ ብብርኪ ዓለም ለኸ ይኹን ብብርኪሃገር ኣብ ማሕበራዊ ኣብ ኢኮኖሚ ዘለዎ ግደ ይስርሓሉ ኣሎ ዝበሃል ኣይኮነን።

ብመሰረቱ ስራሕቲ ደኒ ብባህሪኡ ልዑል በጀት ዝጠለብ ‘ዩ። በርግፅ ዓቅሚ ናይዚ ክልላዊ መንግስቲ ‘ውን ኩላትና ከም እንፈልጦ ‘ዩ። እቲ መንግስቲ ነዚ ዝኸውን ዓቅሚ ኣለዎ እንብሎ ኣይኮነን። ግን ድማ ኣብ ክንድዚ ኣብዚ ዝስራሕ ዓለም ለኸ ሃፍቲ ‘ውን ስለዝኾነ ነቲ መንግስቲ ክሽፍኖ ዘይከኣለ ክፍተት ክምልኡ ዝኽእሉ ፕሮግራማትን ፕሮጀክታትን ትካላት ገበርቲ ሰናይ ጠመተ ምሃብ ኣገዳሲ ‘ዩ ዝብል ሓሳብ ናይ ኩላተና ‘ዩ።

**ወጋሕታ፦ ምስ መንግስቲ ፌደራል ይኹን ምስ ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ከም ገበርቲ ሰናይን ተሓባቢረካ ኣብ ምስራሕ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ተስፋይ፦** ምስ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ይኹን ምስ መንግስቲ ፌደራል ተሓጋጊዝካን ተሓባቢረካን ኣብ ምስራሕ ዓቅሚ ብዝፈቀደ ምትእስሳር ፅቡቅ ‘ዩ ዝብል ገምጋም ‘ዩ ዘለና። እቲ ናይ በጀት ሕፅረት ኣብ ኩሉ ‘ዩ ዘሎ። ብብርኪ ሃገር ከም ፌደራልን ከም ክልልን ‘ዩ ዝግለፅ። ኣብቶም ናይ ትካላት ገበርቲ ሰናይ

«ሽፋን ደን ትግራይ. . . ገጽ 6

# ዕዱም ጋሻ

## “ሽፋን ደን ትግራይ…

ፕሮግራማትን ፕሮጀክታትን እንተኾነ ‘ውን ከምቲ ናይ ቀደም እኹል በጀት ዘይክህልው ይኽእል ‘ዩ። ይኹን እምበር ኣብታ ዘላ ዝተረኸበት ዝግበር ሓገዝ ነቲ ዘሎ ፀገም ኣብ ምፍታሕ ናይ ባዕሉ ግደ ይፃወት ‘ዩ። ፌዴራል መንግስቲ ብዝኽእሎ ዓቕሚ ሓበሬታታት ሓደ ሓደ ቁሳዊ ድጋፋት ዝተወሰነ ኣብ በጀት ኣብ ምድጋፍ ዝገበሮ ምንቅስቓስ ኣሎ ‘ዩ ይኹን እምበር እኹል ኣይኮነን ዝብል ሓሳብ ‘ዩ ዘለና።

**ወጋሕታ :- ብብርኪ ሃገር ኣብ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዝትከል ፈለሲ ተተሓሒዙ እንታይ ምድላው ተገይሩ ኣሎ? እንታይ ዓይነት ፈልስታት ኣበይ ክትከሉ ተሓሲቡ ኣሎ?**

**ኣይተ ተስፋይ:-** ኣብዚ ፅባሕ ነሓሰ 17 ብብርኪ ሃገር ኣብ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዝግበር ተኽላ ፈልሲ ብፌዴራል ኣካላት ‘ውን ክትትል እናተገበሮ ዘሎ ‘ዩ። ነዚ ዝከታተሉ ካብ ፌዴራል ዝመፅኡ ኣካላት ካብ ዝመፅኡ ‘ውን ክልተ ሰሙን ሓሊፍዎም ኣሎ። ነዚ ወፍሪ ንምዕዋት ፃዕሪ እናተገበረ ‘ዩ ዘሎ። ክሳብ ሐዚ ‘ውን ናብ 450 ሄክታር ኣብ 15 ወረዳታት ኣብ 15 ናይ ተኸላ ቦታ 503 ሽሕን 23ን ፈልሲ ንምትካል ኢና ተዳሊና ዘለና። ቅድም ኢሉ ብፌዴራል 9ሚእቲ ሽሕ ንክንተክል ‘ዩ ተወሲኑ ነይሩ ሐዚ ግና ብሰንኪ ናይ ምጉዕዓዛ ፀገም ምኽንያት እዚ ንክንተክል ኢና ተስማዕሚዕና። እዚ ብትኽክል ምዕዋት ንኹሉ ነገር ጠቃሚ ሙኳኑ ብሚድያ ዝካታተል ሰብ ክሕዘልና ንደሊ። ኣካል እዛ ሃገር ብምኳና እዚ ብምዕዋት ካብታ ሃገር ዝብፅሐና ንረክብ። ከም ክልል ‘ውን ዝኾነ ይኹን ናይ ልምዓት ስራሕቲ ዘይነዕንቅፍን ኣጀንዳና ልምዓትን ልምዓትን ጥራሕ ከምዝኾነን ንልምዓት ዓብዪ ትኹረት እንህብ ከባቢ ክልል ምኳና መግለፂ ስለ ዝኾነ እዚ ፕሮግራም ስለዝኾነ ብግቡእ ክዕወት ኣለዎ። እዚ ብምዕዋቱ ኣቢልና ‘ውን መሰረታዊ ሕቶታትና ዝምለስ ክህለው ይኽእል ‘ዩ።

ስለዚ እዚ ፅባሕ ዕለት 17 ዝግበር ተኸላ ኩሉ ዝምልከቶ ህዝብና ኣመራርሓና በዓል ሞያ ክንዲ ዝኽእሎ ንምዕዋት ኩሉ ክረባረብ ክኽእል ኣለዎ ዝብል በዚ ኣጋጣሚ ክነቅርብ ፃውዒትና ክነቅርብ ንደሊ። ኣንሕና ብወገንና ዘድሊ ምደላዋት ወዲእና ኢና። ኩሉ ዓይነት ተኽላታት ሃገር ቦቓልን ናይ ደገን ንክትከሉ ዝተዳለው ኮይኖም ነዚ ድማ ‘ቶም ካብ ፌዴራል ዝመፅኡ ኣካላት ‘ውን ንኣብዝሓ ክትከል ተዳለዩ ዘሎ ፈልስታት ዘይሮም ብምርኣይ ብመጠኑ ይኹን ብፅረየቱን ክሳብ ሐዚ ዘሎ ምድላው ፅቡቅ ከመዝኾነ ‘ዮም ገምጊሞም። ካብቶም ካብ ፌዴራል ዝመፅኡ ኣካላት ብዝሃቡና ፅቡቅ ግብረ መልሲ ከይዓገብና ምድላዋትና ክነፃፍፍ ኢና። እቲ ህዝብና ይኹን ኣመራርሓና ‘ውን ነዚ ንምዕዋት ቁረፅኛ ‘ዩ። እቲ ዝግበር ዘሎ ኣኼባታት ምስተወደአ ናይ ክኢላታት ምውፋር ‘ውን ዝካየድ ክኸውን ‘ዩ። ነዚ ኣመልኪቱ ከዓ ብኣመራርሓ ‘ውን ዝወሃብ ሓበሬታት ክህልው ‘ዩ። ሚደያታት ‘ውን ነዚ ንምዕዋት ኣድላይነቱ ኣስፊሕኩም ከተቅርቡልና በዚ ኣጋጣሚ ክንፅውዕ ንደሊ።

**ወጋሕታ :- ንዝቅፅል ዓመት ካብዚ ብዝሐሸ ንምስራሕ እንታይ ትልምን ኣንፈትን ሒዝኩም ኣለኹም ? ነቲ ዘሓዝኩሞ ትልምን ኣንፈትን ንምዕዋት ካብ መን እንታይ ሓገዝ የድለየኩም?**

**ኣይተ ተስፋይ:-** ንቀፃሊ ካብቲ ሒዚናዮ ዝለና ተሞክሮ ወሲደና ብዝበለፀ ስራሕ ንክንሰርሕ ተሊምና ኣለና። ንኣብነት ሎሚ ዓመት ናብ 58ሚልየንን ፈልሲ ክነዳልው ተሊምና ነይርና፤ ኣብ ቀፃሊ ዓመት ከዓ ልዕሊ 80 ሚልየንን ክነዳልው ክንተክል እቲ ተኺልናዮ ዘለና ድማ ክንሕብሕቦ እቲ ትማሊ ብዝተፈላለየ ምኽንያት በሪሱ ዘሎ ደኒ ናብ ንቡር መሊስና ኣብ ሕብረተሰበና ዝሐሸ ለውጢ መነባብሮ ንኽመፅእ ክንሰርሕ ክንኽእል ኣለና ኢልና ተሊምና እናተንቀሳቀስና ኢና ዘለና። እዚ ክንብል ከለና ክሳብ ሐዚ ነዚ ከፈፅም ዝኽእል ዝኾነ ዓይነት በጀት የለን። እቲ ተኣማማኒና ንኸዶ ዘለና ኩነታት ክስተኻኸል ‘ዩ። ናብ ንቡረ ክምለስ ‘ዩ። መንግስቲ ‘ውን ዓቅሚ ክረክብ ‘ዩ በጀት ክምድብ ‘ዩ። ትካላት ገበርቲ ሰናይን መንግስቲ ፌዴራልን ‘ውን ክሕግዙና ‘ዮም። ተሳትፎ ህዝብና ጥንካረ ኣመራረሓናን ፃዕሪ በዓል ሞያናን ኣብ ግምት ኣእቲና ክንሰርሕ ኢና ኢልና ተዳሊና ኣለና። ስለዚ በዚ መዳይ ኩሉ ክተሓጋገዝን ክትሓባበርን ኢና ንላቦ።

**ወጋሕታ :- ኣብዚ ክግለፅ ዝግባእ ዘይተገለፀ ሓሳብ ወይ መልእኽቲ እንተሃለዩ? ኣብ መወዳእታ ዕድል ክህቦም?**

**ኣይተ ተስፋይ:-** ዝተረፈ የብለይን በዚ ኣጋጣሚ እነሕልፎ መልእኽቲ ግና እቲ ትማሊ በፂሕናዮ ዝነበርና ብርኪ ልምዓት ኩሉ ግዘ ከም እንብሎ ካብ ክልተ ሰለስተ ናብ 16 ነጥቢ 84 ሚእታዊ ክበፅሕ ዝኸኣለ ደኒ ትግራይ፤ ህዝቢ ለይትን ቀትርን ስለ ዝሸቀለ፣ በዓል ሞያ ለይትን ቐትርን ስለዝሓገዘ፣ ኣመራርሓ ቅትርን ለይትን ብግቡእ ስለ ዝመርሐ ‘ዩ። ኩላትና ተሓባቢረና ስለ ዝሰራሕና ስለዝፀዓርና ‘ዩ ናብዚ ብራኸ ወፂእና ዝነበርና። ሎሚ ‘ውን ከምትማሊ ህዝብና ኣመራርሓና በዓልሞያና ተረዳዲእና ተሓጋጊዘና ናብቲ ዝነበረ ክንመልሶ ኩላትና ብሕራነ ክንሰርሕ ኣለና። እቲ ዘዚሐኸሐ ጎነ ጎንጎንኸኸሐሐዚ ዝትከል ምትካል ጥራሕ ዘይኮነስ ሓሊና ተንከባኺብና ናብ ብርኪ ኦም ክነብፅሖ ኣለና። እንተዘይተነከባኺብናዮ ምትካል ጥራሕ ውፅኢት ኣየምፅእን ስለዚ ሕብረተሰብና ኣብዚ ንደሃር ክብል ከምዘይብሉ ኢና ክንሕብር ንደሊ። እቲ በዓል ሞያ ኣብዚ ምስ ህዝቢ ክረዳዳእ እቲ ኣመራርሓ ‘ውን ነዚ ክመርሕ ኢና ክንፅውዕ ንደሊ።

ካልኣይ እቲ ኣብ ሓደ መዓልቲ ዝትከል ተኸላ ‘ውን ኩሉ ህዘቢ ወፂኡ ኣብተን ዝተፈቀደለን ወረዳታት ኸቲቱ ዕውት ዝኾነ ስራሕ ሰሪሕና ንሕና ተጋሩ ንልምዓት ዘለና ተበግሶ ዝኾነ ይኹን ፃውዒት ክነመስክር ክንኽእል ኣለና። ህዝብና ኣብዚ ክረባረብ በዓል ሞያ ‘ውን ነዚ ብውነ ክመርሖ ኢና ክንፅውዕ ንደሊ። ስለዚ ከምዚ ገይርና እነተሰሪሕና ከዓ ኣብዝሓፀረ ግዘ ናብ ዝነበርናዮ ክንምለስ ንኽእል ኢና ዝብል ሓሳብ ‘ዩ ዘለኒ።

**ወጋሕታ:- ኣብ ዝተፃበበ ግዜኦም ኣሸጋሽጎም ንዝሃቡኒ ሓበሬታን መብርህን የቐንየለይ።**

**ኣይተ ተስፋይ:-** ኣነ ‘ውን የቐንየለይ

## ፅባሕ ብደረጃ ሃገር…

መደብ ምትካል ተኽሊ ካብ ሰዓት 12 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 12 ምሸት ከም ዝፍፀም ብምሕባር፤ ብዝተተሓዘ መደብ መሰረት 600 ሚልዮን ፈልሲታት ንምትካል ኩሉ ዜጋ ብንቕሓት ክሳተፍ ፃውዒት ኣቕሪቦም፡፡

ብተማሳሰሊ ኣብ ትግራይ 503 ሽሕን 23ን ፈልሲ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ንምትካል ኣብዝካየድ መደብ ኩሉ ህዝብቢ ነቲ መደብ ንምዕዋት ክረባረብ ክኽእል ኣለዎ ክብሉ ኣብ ቢሮ ሐርሻን ሃፍቲ ተፍጥሮን ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተር ደን ኣይተ ተስፋይ ተክለሃይማኖት ፃውዒት ኣቅሪቦም፡፡

ኣይተ ተስፋይ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ፅባሕ ነሓሰ 17 ብብርኪ ሃገር ኣብ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዝግበር ተኸላ ኩሉ ህዝቢ ወፂኡ ኣብተን ዝተፈቀደለን ወረዳታት ኸቲቱ ዕውት ዝኾነ ስራሕ ብምስራሕ ተጋሩ ንልምዓት ዘለና ተበግሶ ኣብ ዝኾነ ይኹን ፃውዒት ክነመስክር ክንኽእል ኣለና፡፡

ኣብዚ ወፍሪ 503 ሽሕን 23ን ፈልሲ ኣብ 15 ወረዳታት ናብ 450 ሄክታር ንምትካል ከምዘተዳለወ ብምሕባር፤ ካብ ፌዴራል ብዝመፅኡ ኣካላት ‘ውን ንኣብዝሓ ክትከል ተዳለዩ ዘሎ ፈልስታት ዘይሮም ብምርኣይ ብመጠኑ ይኹን ብፅረየቱን ክሳብ ሐዚ ዘሎ ምድላው ፅቡቅ ከምዝኾነ ምግምጋሞም ሓቢሮም፡፡

ከም ገለፃ ኣይተ ተሰፋይ፤ ኣብዚ ዓመት ኣብ ትግራይ 29 ሚልየንን 978 ሽሕን 169ን ፈልሲ ንክትከል ተተሊሙ ክሳብ ሐዚ ድማ ብብርኪ ሃገር ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ዝትከል ከይሓወሰ ናብ 29 ሚልየንን 327 ሽሕን 765ን ካብ ዝተዳለወ 97 ነጥቢ 3 ሚእታዊ ‘ዩ፡፡ ናይዚ ዓመት ተኸላ ‘ውን ፅባሕ ከምዝጠቃለል ኣመላኺቶም፡፡

ንቀፃሊ ካብቲ ሒዝናዮ ዘለና ተሞክሮ ወሲድና ብዝበለፀ ስራሕ ንክንሰርሕ ተሊምና ኣለና ዝበሉ ኣይተ ተስፋይ፤ ብደገፍ መዳርግቲ ኣካላት፣ ብተሳትፎ ህዝብና ብጥንካረን ፃዕሪን ኣመራረሓናን በዓል ሞያናን ኣብ ግምት ኣእቲና ልዕሊ 80 ሚልየን ክነዳልውን ክንተክልን ኢና ክብሉ ሓቢሮም፡፡

እቲ ትማሊ በፂሕናዮ ዝነበርና ብርኪ ልምዓት ካብ ሰለስተ ናብ 16 ነጥቢ 84 ሚእታዊ ክበፅሕ ዝኸኣለ ደኒ ትግራይ፤ኩላትና ተሓባቢርና ስለ ዝሰራሕና ስለዝፀዓርና ‘ዩ ናብዚ ብራኸ ወፂእና ዝነበርና ዝበሉ ኣይተ ተስፋይ፤ ሎሚ ‘ውን ከምትማሊ ህዝብና፣ ኣመራርሓና፣ በዓልሞያና፣ ተረዳዲእናን ተሓጋጊዘናን ናብቲ ዝነበረ ክንምልሶ ኩላትና ክንሕርን ኣለና ኢሎም፡፡

ፅባሕ 17 ነሓሰ 2016 ዓ.ም ብብርኪ ሃገር ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 600 ሚሊዮን ፈልሲ ንምትካል ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ፃውዒት ምቕራቦም ዝዝከር ‘ዩ፡፡

## ኣሸንዳ-ንሰላምን…

ዘለዎ ዘውግዛሉ ዕድል ዝተውሃበን ማዓልቲ እንትትኾን ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ዓመት ተፀብያ ወቒባ ፀቢ.ቓ እትውዕለሉ ግዜ 'ዩ ይብላ፡፡

በዓል ኣሸንዳ ሃይማኖታዊ 'ዩ ባህላዊ 'ዩ ዝብሉ ዝተፈላለየ ምሁራን እኳ እንተሃለወ ዘይሩ ዘይሩ ግና ባህላውነቱ ጎሊሁ ዝረኣየሉ ኣጋጣሚ እናረእና ኢና፡፡ እዚ ባህላዊ ባዓል እዚ ዘይተበረዘ ባህሊ ሒዙ ዝመፀ ባህላዊ ፀወታ 'ዩ፡፡ ብዙሕ ግዜ ብዘመናዊነት፣ ብኣነባብራ ለውጢ ተበሪዞም ባህላውነቶም ሓልዮም ዘይኸበረሎም ኣጋጣምታት ንርኢ ኢና፡፡ በዓል ኣሸንዳ ግን ደቂ ኣንስትዮ ካብ ኣሰራርሓ ፀጉሪ ጀሚሩ ካብ ዝኽደነአ ኽዳን ናይቲ ኸባቢ ኢደ ጥበብ ውፅኢት ስለዝኾነ ባህላዊ ካብ ዘብሎም እቲ ሓደ እዚ 'ዩ ክብላ የብርሃ፡፡ ትኽክለኛ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ ክረአ ካብ ዝግበሩ ባህላዊ ባዓል 'ዩ፡፡ ኣብቲ ግዜ ዝድረፉ ግጥምታትን ዜማታትን ዝገልፀሉ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ትርጉም ዝሓዘ 'ዩ፡፡ ካብዚኦም እቲ ሓደ ማሕበረሰባዊ ሂስ ምሃብ ፣ዝድነቕ ንምድናቕ ፣ዝኽበር ምኽባር፣ ክስተኻኸል ዘለዎ ነገር ድማ ንክስተኻኸል ናይ ምግላፅ ዕድልን ነፃነትን ንደቂ ኣሸንዳ ተዋሂብወን 'ዩ፡፡ እዚ ድማ ዘቕርባሉ መገዲ ዝተፈላለየ ክዋነታት እናደረፉ እናዘለላ ዘቕርብኦ ስለዝኾነን ሳሓቢነቱ ልዕሉ 'ዩ፡፡

ከም ገለፃ እተን መምህር ፤ ምስ በዓል ኣሸንዳ ተደሓሒዙ ዝላዓል እቲ ዋና ነገር ነፃነት 'ዩ ይብላ፤ ግና ነፃነት ጓል ኣንስተይቲ ክሳብ ምንታይ እዩ ? ዝብል ምርኣይ የድሊ፡፡ ነፃነት እንትብሃል ገደቡ ዝሓለወ 'ዩ፡፡ ጓል ኣንስተይቲ ብፍላይ ድማ ኣብ ኸባቢ ሰሜን ባህሊ ናይ ምጥባቕ ኣተዓባብያ ስለዘለና ነፃነትና ዝተገደበ ከምዝኾነ ይፍለጥ፡፡ ጓል ኣንስተይቲ ናብ ደገ ኣይትወፅእን ፣ብዙሕ ቦታ ኣይትረአይን ኣብ ጓዳ ምስ ኣዲኣ ስራሕ ብምሕጋዝ 'ያ እትሕልፎ፡፡ ኣብ ባዓል ኣሸንዳ ግን ካብ ስራሕ ነፃ 'ያ፤ ስራሕ ስርሒ እትብላ ኣዶ የላን፡፡ ንጓላ ኮሓሒላ ኣፀባቢ.ቓ ንክትፃወት እትፈቕደላ ግዜ ስለዝኾነ በዚ መልክዑ እዩ ነፃነት ተባሂሉ ዝግለፅ፡፡

ኣብ ቀረባ እናረእናዮ ዘለና ግና ኣብ ሓደ ቦታ ሰብሲብካ ብባንዲ ምኽባር ፣መስተ ምስታይ ፣ባዕልኻ ዘይምሕላው ከምዘለዉ ይዝረቡ፡፡ እዚ ነገር ክውገዝ ዘለዎን እዚ ባህሊ በዚ መልክዑ ዝመፀ ኣይኮነን፡፡ ካብ ባህሊ ወፃኢ 'ዩ፡፡ ማሕበረሰብ ዘለዉዎ ፅቡቑዓት ዝኾኑ እሴታት ዘውርዱ ስለዝኾኑ ትኹረት ተገይርሎም እቲ ትኽክለኛ ባህሊ ተሓልዩ ክግለፅ ኣለዎ ፡፡

ምስ ቱሪዝም ተደሓሒዙ ዘለዎ ረብሓ መምህር መሰረት ኣለማየሁ እንትገልፃ፤ እዚ ባዓል ንቱሪዝም ዓብይ መስሕብ ዘለዎ ባዓል 'ዩ፤ ወፃእቲ ዓዲ መፂኦም ዑደት ንክገብሩ ዕድል ዝህብን ምቹው ዝባሃል ኣጋጣምን 'ዩ፡ ፡ ምስ እዚ ተደሓሒዙ ሆቴላት፣ ባህላዊ መጋየፅታት ፣ ባህላዊ ኣልባሳት ሃገር ቦቀል ዝኾኑ ናውቲ ተጠቒመን ዘብዕለኦ ስለዝኾነ እዚ ድማ ነቲ ኣምረቲ ዝኾኑ ኣካላት ዓብይ እውን ኣታዊ 'ዩ፡፡ እቶም ዑደት ዝገብሩ ዝመፁ ኣጋይሽ ኣሸንዳ ጥራሕ ሪኦም የኾኑይ ዝኸዱ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ ዝምልከትሉ ዕደል ዘለዎ 'ዩ፡፡ ወፃእቲ ዓዲ እንትመፁ ካብ ዝምልከተዎምን ዝሰሓብሎምን እቲ ሓደ ሃገረሰባዊ ኢደ ጥበብ እቲ ዋና 'ዩ፡፡ ስለዚ ብጥንቃቐ ትኹረት ተገይርሉ 'ዩ ክረአ ዝግባእ ይብላ፡፡


ኣብ ንፋስ ስልክ ላፍቶ ክፍለከተማ ሓላፊት ባህልን ቱሪዝምን ወይዘሮ ኣበባ በርሀ ብወገነን፤ በዓል ኣሸንዳ ኣብ ከባቢ ሰሜን ኢትዮጵያ ካብ ኸባቢ ክልል ኣምሓራ ጀሚሩ ኣብ መላእ ትግራይን ኤርትራን ዝሸፍን ብደቂ ኣንስትዮ ባህላዊ ኽዳንን ዜማን ዝፍለጥ ኮይኑ ኣሸንዳ፣ ኣሸንድዬ ሻደይ ሶለልን ማርያን እናተብሃለ ከምዝፍለጥ ይዛረባ ፡፡

ደቂ ኣሸንዳ በዚሐን ፀቢቐንን ወቂበንን ናይ እንኳዕ ኣብፀሐኩም ባህላዊ ዜመአን ዘቕርባሉ ካብ ዝተፈላለየ መሕበረሰብ ተውፃእኢአን ሓቢረን ደስተአን ዝገልፃሉ ኣሸንዳ ናበላ ዝኣከበአ ገንዘብ ሒዘን ናብ ዝተመፃበዖዖን ዝአምኖአ ኣምላኸን (ቤተ-ክርስትያን) ሒዘን ብምኻድ ምስጋነአን ዘብፅሓሉን ውዳሴአን ዝውድሳሉን ዝተኸበረ ሃይማኖታዊ ባህላውን 'ዩ ፡፡

ከም ገለፃ ወይዘሮ ኣበባ፤ ኣብ በዓል ኣሸንዳ ‹‹ንፃወትን'ዶ ንተሓዋወስየ ዘመን ክምለስየ›› እናበላ ባህላዊ ዜመአን ይፃወታ እዚ ማለት ድማ ብሓደ ተተሓዋዊስና ተተሰማሚዕና ካብ በዓል ሓቢርና ምብዓል ዝዘለለ ሰላማውን መሕበራውን ምትእስሳር ክህልወና እዩ ዝብል ትሕዝቶ ዘለዎ ብባህላዊ ዜመአን ይወዳደሳ። እዚ በዓል ደቂ-ኣነስትዮ ታሪካዊ ባህላዊ ሃይማኖታዊ ትውፊቱ ዝሓለወ ትሕዝቶ ዘለዎ ንዘመናት ዘሻግርን ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ንሃገርና ብመልክዕ ቱሪዝም ምስዓለም ነላልየሉ ዓብይን ምልኩዕን ባህልና 'ዩ ክብላ የብርሃ።

ኣሸንዳ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ዝተፈለለዩ ከባብታት ዓለም ዝርከቡ ማሕበረሰብ ትግራይ ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ድማ ከከም ከባቢኦምን ኣብ ዝጥዕሞም እንተኽብርዎ ይረአ 'ዩ ፡፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓለም ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ እቲ ባህሊ ኣሸንዳ እንተብዕላን ተፈላጥነቱ ድማ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ይርከብ ፡፡ እዚ ስዒቡ ድማ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ቤት ምኽሪ ከተማ ዴንቨር ኣሸንዳ ዓመታዊ ክብረ ባዓል ኮሎራዶ ኾይኑ ክባዓል ኣፍልጦ ተዋሂብዎ ይርከብ፡፡ እዚ ድማ በዓል ኣሸንዳ ንቀፃሊ ኣብ ዩኔስኮ ንምምዝጋብ ዝግበር ፃዕሪ ዘበረታትዕ 'ዩ፡፡

# ስፖርት



## ኮንፌዴሬሽን ቦክሲ ኣፍሪካ ዋና ቤት ፅሕፈት ኣብ ኢትዮጵያ ኸፊቱ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**



ኮንፌዴሬሽን ቦክሲ ኣፍሪካ ዋና ቤት ፅሕፈት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ፓርኪ ሓድነት ኣመሪቑ። ኣብቲ ምርቃት ስነስርዓት ሚኒስትር ሚኒስተር ባህልን ስፖርትን ሸዊት ሻንካ፤ ኮንፌዴሬሽን ቦክሲ ኣፍሪካ ዋና ቤት ፅሕፈት ኣብ ኢትዮጵያ ምኽፋቱ ማሕበራዊ ፤ፖለቲካዊን ኢኮኖምያውን ግድኡ ዓብይ ከምዝኾነ ገሊፀን።

እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ ኢትዮጵያ ምኽፋቱ ዕብየት ስፖርት ቦክሲ ዓብይ ግደ ንክህልዎ ካብ ምእኻሉ ዝሓለፈ ዕድል ስራሕ ፈጠራ ዓብይ ከምዝኾነ እተን ሚኒስትር ተዛሪበን። ብኹሉ ስፖርት ተወዳደርቲ ንምፍራይ ተሓሲቡ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ገሊፀን፤ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ ኢትዮጵያ ምኽፋቱ ስፖርት ቦክሲ ከምዘነቃቅሕ ‘ውን ገሊፀን ‘የን። ብስፖርት ዲፕሎማሲ ካብ ዝተፈላለዩ ኣህጉር ክፍልታት ዝወፁ ሃገራት ርክብ ንምፍጣር ዝጠቅም ‘ዩ። መንግስቲ ንስፖርት ህንፀት መሰረተ ልምዓት ጀሚሩ ቁርፀኛ ብምኧኑ እዚ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ቀፃሊ ትልሚ ብምሓዝ ንምስራሕ ፃዕሪ ከምዝገብር ተዛሪበን።

ፕሬዝደንት ፌዴሬሽን ቦክሲ ኢትዮጵያን ፕሬዝዳንት ፌደሬሽን ቦክሲ ኣፍሪካን እያሱ ወሰን ብወገኖም፤ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንክኽፈት መንግስቲ ሓዊሱ ሓገዝ ንዝገበሩ ኣካላት ምስጋና ኣቕሪቦም ‘ዮም። ኣብ ሙዝየም ዓድዋ ዝተኻየደ ኢንተርናሽናል ቦክሲንግ ኣሶሲየሽን (IBA) እቲ ውድድር ሓዊሱ ካልኦት ዓለምለኸ ውድደራት ብምድላው ንስፖርት ዕብየትን ተፈታውነት ከምዝሰርሑ ገሊፆም።

ቱሪዝም ስፖርት ካብ ምስፋሕ ካብ ምስሊ ሃገር ምፍጣር ከምኡ ‘ውን ባዓል ሃፍቲ ወፃኢ ንምስሓብ ከምዘኽእል ገሊፀን። ብተወሳኺ ስፖርተኛታት ተረባሒ ካብ ምግባር ናይ ወፃኢ ሸርፊ ናብ ሃገር ውሽጢ ብምምፃእ ዓብይ ግደ እናእተወ ከምዝኾነ እቶም ፕሬዝዳንት ኣብሪሆም። ብሽም ኣፍሪካ ደላላን ካልኦት ክሳብ ኸዚ እናተጠቀሙ ከምዝነበረን እዚ ብምሽናፍ እቲ ውድድር ንመጀመርታ እዋን ኣብ ኣፍሪካ ንክካየድ ከምዝተገበረ ኣረዲኦም ‘ዮም። ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪካ ዓበይቲ ውድድራት ንምግባር ከምዝተተለመ ገሊፆም።

ኣብቲ ስነስርዓት ምርቓት ሚኒስትር ባህልን ስፖርትን ዴኤታ ሚኒስትር ዘፈር ስፖርት ኣምባሳደር መስፍን ቸርነት፤ ዴኤታ ሚኒስትር ዘፈር ልምዓት ፈጠራ ኪነ-ጥበበን ስነ-ጥበብ ነፊሳ ኣልማህዲ፤ ከምኡ ‘ውን ፕሬዝዳንት ኮንፌዴሬሽን ኣባላት ቦርድን ፃውዒት ዝተገበረሎም ኣጋይሽ ተረኺቦም ‘ዮም።

ኣብ ሙዝየም ዓድማ ካብ 51 ክሳብ 96 ኪ.ግ ክብደት ዘሎ ዘፈር ውድድር ንመጀመርታ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ዓለምለኸ ናይ ቦክሲ ንሕንሕ ገይሮም ‘ዮም። ኣብቲ ውድድር ኢትዮጵያ ሓዊሱ ካብ 7ሃገራት ዝተውፃዕኡ ቦክሰኛታት ተሳቲፎም ‘ዮም። ሓደ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሽድሽተ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር ፕሮፈሽናልን ኽልተ ሴሚ ፕሮፈሽናል ግጥም ተኻይዶም ‘ዮም።

ኢትዮጵያ ብ60ኪሎ ግራም ናይ ደቂ ተባዕትዮ ግጥም ዝወከለ ኣቡበከር ሰፋን ምስ ጋናዊ ጆሴፍ ኮሜይ ብ6ዙር ውድድር ፅቡቕ ንሕንሕ ኣካይዱ ግና ተሸኒፉ ‘ዩ። ካሊእ ኢትዮጵያዊ ተመስገን ምትኩ ብ75ኪሎግራም ምስ ሞሮካዊ ቦክሰኛ ያሲን ኢሎሰኛ 3ዙር ግጥም ብምግባር ክዕወት ኣይካኣለን።

ብደቂ ተባዕትዮ ብ80 ኪሎግራም ኸቢድ ሚዛን ግጥም ታንዛንያዊ ዩሴፍ ቻንጋላዊ ምስ ዲሞክራቲክ ኮንጎ ፒታ ካቤጂ ብ8 ዙር ተጋጢሙ ተዓዋታይ ኾይኑ ‘ዩ። 8ዙር ዝወደአ ናይ ደቂ ተባዕትዮ 48 ኪሎግራም ቀሊል ሚዛን ፊልምያ ሩስያዊ ኢድመንድ ኩሁዶዮን ሜክሲካዊ ዳንኤል ቫላዴራዝ ገጢሙ ተዓዋታይ ክኾን ክኢሉ ‘ዩ። ብደቂ ተባዕትዮ 80ኪሎግራም ከባድ ሚዛን ፍልሚያ ታንዛንያዊው ዮሱፍ ቻንጋላዌ ተጋጣሚኡ ዲሞክራቲክ ኮንጎ ብ8ዙር ተጋጢሙ ክስዕር ክኢሉ ‘ዩ።

ብደቂ ተባዕትዮ 51 ኪሎግራም ቀሊል ናይ ‹‹ቀበቶ›› ግጥም ዛምብያ ፓትሪክ ችንዬምባ ጋናዊ ኣሎቲ ቲዮፊለስ ብ4 ዙር ተጋጢሙ ተዓዋታይ ቀበቶ ክኾን ክኢሉ ‘ዩ። ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮ ዝተኻየደ ናይ 75 ኪሎግራም ማእኸላይ ሚዛን ግጥሚያ ሞዛምቢካዊት ክራድይ ኣዶሲንዳ ግራማኔ ብናይጀርያዊት ፓትሪሽያ ምፓታ ብ6ዙር ግጥም ተሳዒራ ‘ያ።

## መኣዲ ጥበብ

## ሃይማኖታውን ባህላውን ትሕዝቶ ዘለዎ በዓል ደቂ ኣነስትዮ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ፍርቂ ወርሒ ነሓሰ ጀሚሩ ኸበሮ ዲም እንትብል ልቢ ብዙሓት ኣዋልድ ምስኣ ዲም ምባላ ዝተለመደ ‘ዩ። ምኽንያቱ ካብ ነሓሰ 16 ጀሚሩ ብድሙቅ ዝኽበር ተናፋቒ በዓል ኣሸንዳ (ማርያ፣ ዓይኒ ዋሪ፣ ሕንግደይ ፀሞረይ)ን ከምኡ ‘ውን ኣሸንድየ፣ ሻደይን ሸኖኖን ስለዝኾነ ‘ዩ።

እዚ በዓል እንትኽበር መበገሲ ስም ናይዚ በዓል ዝኾነ ቆፅሊ ኣሸንዳ ኣብ ዝልምልመሉ መሬት በሓምለዋይ ሕብሪ ኣብ ዝመዓረገትሉ (ዝደመቀትሉ) ቡቃላት ኣዝርእቲ ባዒሖም ናብ ዕምበባ ኣብ ዘሰጋገሩሉ ሓረሰታይ ዋጋ ድኻሙን ረሃፁን ንክረክብ ተስፋ ኣብ ዝስነቀሉን ከምኡ ‘ውን ምቅራብ በዓላት ሓዱሽ ዓመት፣ መስቀልን ካልኦት በዓላትን ዘመላኽት ‘ዩ። ኢሉ ‘ውን ብሩህ ተስፋ ዝርኣየሉ ካብቶም ኣለው ዝበሃሉ ዓበይቲ ባህላዊ በዓላት ሓደ ኾይኑ ንዘመናት ካብ ወለዶ ናብ ወልዶ እናተወራረሰ ዝቅፅል ዘሎ ሃይማኖታዊ፣ ባህላዊ፣ ማሕበራዊን ቁጠባዊን ረብሓ ዘለዎን ተፈታዊ በዓል ‘ዩ።

እዚ በዓል ብኣመንቲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኣብ መላእ ክፉላት ኢትዮጵያ ዝኽበር በዓል እንተኾነ ‘ውን፤ ኣብ ገለ ክፉላት ኢትዮጵያ ኣብ መላእ ትግራይ ገለ ከባቢ ጎንደር፣ ጎጃም፣ ሰሜን ወሎ፣ ዋግ ህምራን ኣብ ከባቢ ሸዋ ድማ ብዓሌት ቱልማ ሸኖየን ጉቤን ብዝብል ምስ ናይ ሰሜናዊ ከፉል ሃገርና ዝመስል ባህላዊ ትሕዝቶ ብዘለዎ፤ ምዝዛም ፆም ፍልሰታ ምኽንያት መበገሲ ብምግባር ዝኽበር በዓል ቅድስቲ ድንግል ማርያም ከምዝኾነ ይግለፅ።

ኣከባብራ በዓል ኣሸንዳ፤ ኣዋለድ ደቂ ኣሸንዳ ትግራይ ቆፅሊ ኣሸንዳ ጎንኊነን ኣብ መዓንጠአን ብምእሳር፤ ቁኖ ጋመ፣ኣልባሶን ግልብጭን ዝበሉ ባህላዊ ኣሰራርሓ ፀጉሪ ብሙቁናን፤ ንኢደንን እግረንን ሳስላ፣ ንዓይነን ኩሕሊ፣ ንፀጉረን ጠስሚ ተጣሲመን ከም ሽቶ ኣደስ ዝበለ ገይረን ከምኡ ‘ውን ከም ብሪ መስቀል፣ ጎባጉብ፣ ሃሪን ዑንቚ ወዘተ ዝበሉ ባህላዊ መጋየፂቲታትን መማላኺዒታትን ፀቢቀን ዝደምቃሉ በዓል’ዩ። በዓል ኣሸንዳ ኣዋልድ ትግራይ በዘይዝኾነ ኣፉላላይ ዝኽበር እንትኸውን ነዚ በዓል መድመቂ ዝኾኑ ባህላዊ ፀወታታት ካብ ውለዶ ናብ ወልዶ እናተወራረሰ ብዝመፅአ ደርፍታትን ስነቃላትን ብምዕጃብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ዓርሰ-እምነት፣ሓድነት፣ ምትሕግጋዝ፣ ፍቕሪ፣ ሰላም፣ ማሕበራዊ ነቐፌታታት፣ ፍትሕን ማዕርነትን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ሕ/ሰብ ዝስበኹሉ፣ ምስጋናን ሰናይ ትምኒትን ደስታን ዘቕርባሉን ኮታስ ኩሉ ፀጋታት ኣብ ሓደ ደሚቁ ዝቀረበሉ ‘ዩ። ንኣብነት ኣብዚ በዓል ካብ ዝቐርቡ ደርፍታትን ስነ ቃላትን ነዚ ዝስዕብ ይመስሉ፡-

ንኣዋርሕ ብዝተፍላለየ ምድላዋት ብናፍቆትን ብሃንቀውታን ዝፅበያኣ በዓል ኣሸንዳ ምብፅሓ ከምዚ ክብላ ብጥዑም ድምፀን ይደርፉ፤ “መፀት መፀት ኣሸንዳ ዕምበብ መፀት”፣ “ኣሸንዳይ ናይ ዓምየ ናይ ዓምየ ተጋኒና ሎሚየ” ፣”ኣሸንዳዋይ ዲኺ ስኒ ሸሓነ ኣለሊኸኒዶ መን እየ ኣነ” ብምባል ንሓደ ዓመት ተፈላልየን ብምፅንሐን ብጣዕሚ ነዊሕ መሲሉ ስለዝሰመዐን ኣለሊኸኒዶ ብምባል እተን ኣዋለድ ምስቲ በዓል ዘለወን ስጡም ርክብን ፍቅርን ንምዝኽኻር ይደርፋ።

ካሊእ “ኣሸንዳኒ፤ ኣደዋኒ ኩሓልኒ፣ ጣስምኒ፤ ከም መጎነ ወልውልኒ፤ ጓል ኣሸንዳ ኣምስልኒ” ብመባል ጓል ኣሸንዳ ካብ ካሊእ እዋን ንላዕሊ ፅባቀኣ ጎሊሁ ዝርኣየሉን ምልክዕትን ፅብቅትን ሙኧና ይፍለጥ። “ቆልዑ ኣሸንዳ ከመይ ዝበላ ‘የን፤ ከም ሽምባቆ ለይለይ ዝበላ”። “ኣዋልድየ ቆሉዑ ማይ ዱረየ ስነን ፃዕዳ መልክዐን ድርባድርየ” ብምባል ብባህላዊ ጥበብ ዝወቀበ ብኢድ ጥበብ ወለዲ ዝተሰርሐ ብተፈታዊ ባህላዊ ክዳን ክገልፅኦ ይፍትና። ነፃነተን ብዝምለከት ድማ በፈላይ ኣብዚ በዓል ሙሉእ ዘይተገደበ ነፃነት ከምዘለዎን ንምግላፅ ከምዚ ይብላ፡- “ኣዋልደየ ኪዳ ዕበዳ ላዕላይ ሰማይ ዶ ኣለዎ ሜዳ” ብምባል ብዘይገደብ ክፃወታ ነፃነት ከምዘለዎን ይገልፃ።

ዝተናፈቃ ደቂ ኣሸንዳ ኣብ ኣዝየን ዝፈትውኣን ዝናፍቅኣን በዓል ብዘህንን ፅባቀ ምስተራኸባ፤ መጀመርያ ናብ ኣብ ከባቢኣን ዘሎ ቤተክርስትያን ብምኻድ ስም እቲ ታቦት ቤተክርስትያን ብምፅዋዕ ንኣብነት ሚካኤል እንተኾይኑ ሚካኤለይ ማርያም እንተኾይና ድማ ማርያመይ ፀሓየ መፂአ ኣለኹ ናብ መፅበዓይ ብመባል ቅድሚ ኹሉ ንፈጣሪአንን ኣምልኾአንን ምስጋናአን ብምቅራብ ቀፂለን ድማ ነቲ ታሕጓሰን ንምግላፅ በቢገዝኡ እንትኸዳ ድማ እንዳመን እንታይ ተባሂሉ እንተተደረፈ ይገልፆ ብምባል ንኹሉ ገዛ ወይ ክፋል እቲ ማሕበረሰብ ንዕዑ ብዝገልፆ ልክዕ ስነ ቃል ብምጥቃም እናደረፋ ሓሳበን፣ ሕቶአን፣ቅሬታአን፣ ምስጋናአንን ኣኽብሮተንን ከከም ፆትኡ፣ ዕድሚኡ፣ ሞይኡን መዓርጉን ብዝምጥን ሓደ ሙሁር ዲፕሎማሲ ካብ ዝጥቀመሎም ኣጠቃቅማ ቃላት ብዘይንእስ ጥበብ ተጠቂመን ሕቶአንን ሓሳባተንን ተቀባልነትን ንክህልዎ ግጥምታት ብጥዑም ዜማ ኣሰንየን ድልየተን ናይ ምዕዋት ዓቅሚ ኣለወን ‘ዩ።

ንኣብነት ኣብቲ ማሕበረሰብ ዘለዎ ልዕል ዝበለ ሓላፍነት ዘለዎ ከም ዳኛ ዝበለ እንተኾይኑ “ኣጋፋሪ ጎይታይ ጥዑም ዳኛ ክፈተለይ በሎ ንበረኛ” ይብላ። ካሊእ “እዞም ዓዲ ኣንበሳ ዶ ኣለዎምየ፤ ሕዝም በለ ኣብ ድሕሪ ገዝኦምየ” ብምባል ዘለወን ኣኽብሮት ብሙሙጋስ ይገልፃ ‘የን። ነታ ሰበይቲ ድማ “እዛ ዓዲ (ገዛ) መን ‘ዩ ዋነኣየ፤ እምበየተዋይ ወርቂ ጫምኣየ”፤ “እነበይተይ ዶ እኒሃየ፤ ከመዓለኪ ከብላየ”። “እምበይተዋ ፅብቅቲ ሰበይቲ፤ መሃሪት ኣንስቲ” ብምባል ዘለዎን ኽብሪን ኣድናቆትን ብምግላፅ ስለዝጅምራ ድማ ፃኒሒተንን ርክበንን ብስኒትን ፍቅርን ዝተዓጀበ ካብ ሙኧኑ ብተወሳኺ ኣብዝሓ ድልየተን ዘዐወተ ‘ዩ ዝኸውን። በዚ መሰረት ድማ ዝተፈላለየ ወህብቶታት ካብ ገንዘብ ክሳብ ዓይነታት ምግቢ ይወሃባ። ነቲ ዘተወሃበኦ ድማ “ፈሰሰ ከም ማይ ነሓሰ”፤ “ኣቦ ጎይታይ ዝሃቡና እነምበይተይ ዝሃባና ቀለብ ዓመት ይኾነና”፤ “መኾምብያ ለይ ለይ ክብረት የሃበለይ” ብምባል ይውድሳ የመስግና።

ምናልባት እዚ ኹሉ ጥበብ ተጠቂመን እንተብቀዓ ሓደ ሓደ ሰብ ሕትኦን ዘይቅበል፣ ዝንዓቀንን ዘናሸወንን እንትኾይኑ ድማ ብመጠን ዘኽብርኦ የዋርደኦ ‘የን። ንኣብነት “ከመዓልካ ኢለዮ ንእምኒ፤ ሰብ መሲሉኒ”። “ኣታ ጠራጢ፤ ኣይትሃብዶ ኢሉካ ፈላጢ”። “ወይ ዝገርጣጢ ሸሮ፤ ረሲዕዎ ድሮ”። ነታ ሰበይቲ ድማ “እንጣጢዕ ቡቅላ ማይ ስዋኣየ፤ ቆልቃል ባሕሪ እንጀረኣየ” ይብልኣ ‘የን።

እንትጠቃለል በዓል ኣሸንዳ ኣብ ውሽጡ ብዙሓት ክብረታትን ፀጋታትን ዝሓዘ ፍልፍል ቱሪዝም ዝኸውን ሃይማኖታዊ፣ ማሕበራዊን ቁጠባውን ካልኦት ብዙሓት ረብሓታት ዘለዎ በዓል ስለዝኾነ ብግቡእ ክዕቀብ ይግባእ።